## *ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ሕጂ የብቅዕ።*

## *ሰውርን ቁሉዕን ምትፍናን ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ*

## *ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ'ዩ።*

*ኣለና ብውሽጢ*

## *ቀዳማይ ክፋል*

ቕድም ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዕምቆት ምድህሳስና ኢሳይያስን ጉጅልኡን ክለዓል ዘይደልይዎ ተንሰዩ ዝሓለፈ ዘሎ ታሪኽ እቲ ተኣምራዊ ገድሊ ኤርትራ ክንውከስ ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ምንታይ'ሲ ምፍላጥን ምዕቃብን ምውርራስን እቲ ሓውን ክውንን ታሪኽ ዝንተ እለት ዝዝከር ክብሪ'ዩ። ታሪኽ ሕማቕ ጸቡቕን ሒዙ ክጸሓፍን ክዝንቶን ባህርያዊ ሓቂ'ዩ። ስለዝኾነ ነቲ ሰውር ግን ከኣ ቁሉዕ ምትፍናንን ምትሕልላውን ሰበ-ስልጣን ህ.ግ.ደ.ፍ ቅድሚ ብግሉጽ መገዲ ምርኣይና ናብ ድሕሪት ብምምላስ መእተዊ ዝኸውን ሓጺር ዳህሳስ ምግባር ተመራጺ'ዩ።

ሎሚ ካብቶም ኣብ መጀመርያ 1970 ህ.ሓ.ሌ ካልኣይ ወገን ካብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ክፍለ እንከሎ ምስ ኢሳይያስ ዝነበሩ'ሞ ንሓቀኛ ዴሞክራሲያዊ ለውጢ ዝተንቀሳቀሱ ገዳይም ሓርበኛታት ተጋደልቲ ሓደ ንፈውሲ ማሕላ ብሂወት የለን። ኩሎም ኣብ ንግዚኡ እቲ ንሕስያ ዘይብሉ ጨካን ብልሒ ሰይፊ ኢሳይያስ ተኣመንቲ ዝመስሉ ኣጋጣሚታት ብምፍጣር ኣረኻኺብሎም ተቐንጺሎም'ዮም። ካብዞም ናይ መጀመርያ መሰረቲ ህ.ሓ.ሌ ካልኣይ ወገን እቲ እንኮ ከም ሓሙስ ተሪፉ ዘሎ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ጥራይ'ዩ።

እቲ ስዒቡ ዝመጽእ ታሪኽ ግዕዞ ህ.ግ.ሓ.ኤ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ስምረት ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህ.ሓ.ሓ.ኤን ጉጅለ ዑብልን ምዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ኣብ ታሪኽ ህ.ግ ውን ካብቲ ቀዲምና ዝረኣናዮ ትራጀድያዊ ታሪኽ ዝገደደ'ምበር ዝሓሸ ዝበሃል የብሉን። ኣብዚ'ውን ኢሳይያስን ጉጅልኡን ክለዓል ዘይደልይዎ ዘይተመስጠረ ሓቂ ከምዘሎ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። እስኪ ንኹሉ ሰማዕን ሓታትን ንጹርን ብሩህን ስእሊ ንምትሓዝ ንእሽቶ ካብቲ ማእለያ ዘይብሉ ግዕዙይ ሽርሒ ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ገለ ንርኣይ።

ህ.ግ ካብቶም ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ ከም ላዕለዎት መሪሕነት ዝመረጾምን ሓላፍነት ዘሰከሞምን ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ንኽኸውን ዓቢ እጃምን ኣበርክቶን ዝገበሩ በዓል መን ኣለው? ጌጋ እኽለኣልና'ምበር 90% የለውን እንተበልና ካብቲ ሓዊድ ሓቂ ዝወጸእና ኣይመስለናን። ዝቐንጸል ተቐንጺሉ፡ ዝዕፈን ተዓፊኑ፡ ዝሕየር ተሓይሩ፡ ገለ ውጻእ መዓት ድማ ሙሉእ ዕምሩ ከምዘይተጋደለን ከምዘይከርተተን ብኣበሃህላ ህ.ግ.ደ.ፍ ከዳዕ ተቖጺሩ ዕጭኡ ስደት ኾይኑ። ሎሚ ኣብ ዙርያ መንበረ ዙፋን ምልኪ ኢሳይያስ መን ኣሎን ተሪፉን ትብሉ? ካብቶም ዓሰርተው (13) መሪሕነት መን መን ብሂወት ኣለው? ቁኑዕን ንጹርን መረዳእታ ንምሓዝ ኣስማቶም ምዝርዛር ኣገዳሲ'ዩ።

- ሮሞዳን መሓመድ ኑር

- ኢሳይያስ ኣፈወርቂ
- ጴጥሮስ ሰለሙን
- ማሕሙድ ሸሪፎ
- መስፍን ሓጎስ
- ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ
- ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ)
- መሓመድ ስዒድ ሳልህ
- ስብሓት ኤፍሬም
- ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
- ዑቕበ ኣብርሃ
- ብርሃነ ገረዝግሄር
- ኢብራሂም ዓፋ... ወዘተ

እዚ ዝተዘርዘረ ኣስማት'ዚ ንኩሉ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ብኹፋት ልቢ ዝከታተል ኤርትራዊ ዓሚቕ መረዳእታን ዘይድብዝዝ ብሩህ ስእሊ ከምዝህብን ርግጸኛታት ኢና። ካብኦም ኣብ ታሪኽ ህ.ግ ልዑል ክብርን ስምን ዝነበሮም ጀጋኑ መን ኣብ መንበረ ምልኪ ህግደፍ ኣሎ እንተኢልና ኢሳይያስ ንውልቁ ጥራሕ'ዩ።

ፍርቂ ካብዞም መሪሕነት እዚኣቶም ብጀካ ንጹርነት መስዋእቲ መሓመድ ስዒድ ባረህ ሰይፊ ኢሳይያስ ብልሖ ኣንቢሩሎም'ዩ። ዝተረፉ'ውን ማሕዩር ዒራዓሮን ስደትን ምብራር ካብቲ ንዓመታት ዝመርሕዎ ገድልን ኮይኖም'ዮም። ታሪኽ ጅግንነት ናይዞም ዕድመ ልክዖም ዝተጋደሉ ጀጋኑ ብከምዚ'ዩ ተዓጽዩን ተዛዚሙን። ሎሚ ኣብ ሬድዮ ስምም ክጽዋዕ ኣብ መስኮት ቴሌቪዥን ምስሎም ክረአ ብከቢድ ሃገራዊ ክሕደት ዘሕትት ገበን'ዩ።

እቶም ንይስሙላህ ኣብ ስልጣን ኣለው ዝበሃሉ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም፡ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ምክልኻልን ጸሓፊ ህግደፍ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድን ጥራይ'ዮም። ናይ ኣልኣሚን ብዙሕ ዘዛርብ ዛዕባ ኣይመስለናን። ብዓቢኡ ካብቲ ስራሕ ብሰንኪ ናይ ጥዕንኡ ኩነታት ካብ ዝእለይ ሓያለ ግዜ ኣቑጺሩ ኣሎ። ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም'ውን ድሙቕ ስእልን ስንብራትን ንነዊሕ ዓመታት መሳርሕቱን መማኽርቱን ዝነበሩ መጨረሽትኡ ዘሰቕቕ ፍጻሜ ዝገጠሞም ብጾቱ እናተረኣዩ ብሽቁረራ ሂወቱ ዝመርሕ ዘሎ ሰብ'ዩ። ብርግጽ ስልጣን መዝነት ሚኒስትሪ ምክልካል ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ምቁጽጻሩ ኣሎ ክትብል'ውን ኣጸጋሚ'ዩ። ሚኒስትሪ ምክልኻል ንሎጂስቲካውን ፋይናንስያውን ምሕደራ ንምምቅራሕን ምቁጽጻርን ዝካየድ ስጡም ሰንሰለት ሓላፊነት'ምበር እቲ ካልእ ናይ ስራሕ መዝነቱ ብኢሳይያስ ካብ ዝምንዛዕ ድሮ ዓሰርተው ዓመት ኣኺሉ'ሎ። እዚ ስርሒት ዞባታትን እዚ ክፉላት ሰራዊትን ብዘይምእኩል

መገዲ ምስ ሓላፊ ህግደፍ ኢሳይያስ ክራኸባን ሓበሬታ ክበጽሖን ንመምርሒ ስራሕ ክቕበላን ናጻ ናይ መራኸቢ መስመራት ኣለወን። ልዕሊ ፍርቂ ካብ ስራሓት እዚ ስርሒት ዞባን እዚ ክፍላተ ሰራዊት ምክልኻል ዘይፈልጦን ጸብጻብ ስራሕቱ ናብቲ ሚኒስትሪ ዘይቀርብን'ዩ። እሞ ደኣ ኣየኖት ኣካላት'ዮም ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ዝሓፍሱ ዘለው ኣብ ስውር ግን ከኣ ቁሉዕ ምትፍናንን ምትሕልላውን ዝርከቡ ሰበ-ስልጣን...?

ኢሳይያስ ካብ ዘበነ ገድሊ ኣትሒዙ ንዕኡ ዝመስሉን ንትእዛዛቱ ማሕረ ኢሎም ዝቕበሉን ሰባትን መሪሕነትን እናሰረሓን እናነደቀን'ዩ መጺኡ። እቶም ሎሚ ስሙ ከም ሓደ ቁዱስ ነብያት እናልዓሉ ብስሙ ክነብሩን ዝና ከጥርዩን ዝፍትኑ ዘለው'ውን እዞም ሰበ-ስልጣን እዚኣቶም'ዮም። ኢሳይያስ እቲ ሓደገኛን ሓላኽን ዝኾነ ሰብ ሓሳቡ ኣብዞም ሰባት እዚኣቶም ከም ዝሰርጽ ገይሩ'ዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ብልክዕ ውልቀ ባህሪ ኢሳይያስ ዘንጸባርቁን ዝሓዙን'ውን'ዮም። ንዝተማህረን ኪኢላን ዝደቑሱ፡ ሕቶን ሪኢቶን ንዘብዝሕ ዘናሽው፡ ንጥሙሕነት ዕላማ ህግደፍ ዝጻረር ዝቕንጽሉ ሙኩሓትን ተቐየምትን'ዮም። ቀዳማይ ድካም ናይቶም ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ህግሓኤ ተቀሚጦም ዝነበሩ ድማ እዚ'ዩ። የማነ ጸጋሞም ብምስትብሃል ሓደገኛ ሽርሒ ኢሳይያስ ከንብብዎን ክዕዘብዎን ኣይከኣሉን። እዚ ብዘይምኽኣሎም ድማ ስልጣን ኣብ ኢድ ሓደ ጨካን መላኺ ከምዝኣቱን ዝነበሮም መዝነት ከኣ ብስውር በዞም ጺሒሮም ብቀጥታዊ ምልመላን ሕርያን ኢሳይያስ ዝመጹ  ከም ዝምንዛዕን ዝበሓተ ኮይኑ'ዩ። ሎሚ ዙርያ ሓለዋ ስልጣን ምልኺ ኢሳይያስ በዞም ኣብ መጨረሽታ ሰብዓታትን ሰማንያታት ተመልሚሎም ዝዓንተሩ ዝተሓጽረ'ዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ካብ ዘበነ ገድሊ ኣትሒዞም  ብፍሉይ ድማ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ዝደለይዎ ክገብሩ ንዕኦም ዝመስልን ዘምልኽን ናብ ቃሕ ዝበሎም መሳልል ስልጣን ከደይቡ ባህ ንዘይበሎም ከውርዱን ከደስክሉን ዓበይቲ ካብ ቁጽጽር ነጻን ፋሉልን ዝኾኑ ንግዳውን ሕርሻውን ትካላት ክምስርቱ ዝዓግቶም ኣካል የለን።  ዕጨኦም ብኢሳይያስ ኣብ ዘዝተላዕለሉ ወቕቲ ኣብ ነናቶም ክራማት ዝስውድን መን ከማይ ብዝዓይንቱ ምልኮም ኣብ ልዕሊ እቶም ካልኦት ዘተግብሩን'ዮም። ስለምንታይ ኢሳይያስ ነዚ ነገር'ዚ ኣንዳዕዲዑ እናፈለጠን እናረኣየን ከምዘይፈልጦ መሲሉ ንብዙሓት የዋሃት ዝገርሞም ጉዳይ'ዩ። እንተኾነ ግን ኢሳይያስ ንጥሙሕነት ዕላምኡን ደረት ምልኺ ስልጣኑን ብዘይትንክፍን ዘይጻረርን መገዲ ኣብ ሕድሕዶም ዘይተኣማመኑን ዝተፋነኑን ዝተሓላለውን መራሕቲ ኣብ ትሕቲኡ ክህልው ቀዳማይ ድሌትን ዕላምኡን'ዩ። እዚ ብቀንዱ ንእዚ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝቕነዐ ግናይ ዘርኢ ክርዳድ እስትራቴጅኡ'ኳ እንተኾነ ኣብቲ ካልእ መንግስታዊ ትካላት'ውን ተመሳሳሊ ኣገባብ'ዩ።

ቅድሚ ናብቲ ቀንዲ ምትፍናንን ምትሕልላውን ተኣመንቲ ሰበ-ስልጣን ስርዓት ኢሳይይስ ምርኣይና መዝነት ስራሕን ናጽነትን ሚኒስትሪታት ኣመሓደርቲ ዞባ ማእከላይ ሽማግለ እቲ ግንባር ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ብሓጺርን ገላጽን ኣብነታት ምድህሳሱ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ካልኣይ ክፋል  ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ የራክበና።

***ምት ክናና ንኢሳይያስን ዓንገልቱን!!***

***ኣለና ብውሽጢ***

## ***ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ሕጂ የብቅዕ።***

## ***ስውርን ቁሉዕን ምትፍናን ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ***

## ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ'ዩ።

### ማእኸላይ ሽማግለ ህግደፍ

#### ካልኣይ ክፋል

እዚ ኣብ 1993 በወግዒ ብድምጺ ኣባላት እቲ ግንባር ዝተመረጸ መሪሕነት እቲ ውድብ ኾይኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብፍጹም የለን። ከባቢ 17 ዓመታት ተኣኪቡን ኢሂን ምሂን ኢሉ ኣይፈልጥን'ዩ። ብዙሓት ካብ ኣባላት እዚ መሪሕነት እዚ ተቐንጺሎም ተሓይሮም ተሰዲዶም'ዮም። ሎሚ ኣባላት ህግደፍ መሪሕነት ህግደፍ ኢልካ ክትዛረብ'ውን ዝኽኣል ኣይኮነን። እዚ ግንባር'ዚ ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ስልጣን መሪሕነት ዝተኣለዩ ኣባለቱ'ውን ክትክእ ጉባኤ ክገብር ኣይከኣለን። እቶም ገለ ተሪፎም ርእሶም ኣድኒኖም ዝኸዱ ዘለው መሪሕነት ነዚ ነገር'ዚ ክልዑሉን ሕቶን ሪኢቶን ከቕርቡ ኣይኮኑን ክሓስብዎ'ውን ኣይደልዩን'ዮም ጽሒፈቶም ዕጨኦም ዒራዒሮ ምዃኑ ተገንዚቦም'ዮም።

### ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ

ናይዞም ኣባላት መሪሕነት እዚኣቶም'ውን ብዙሕ ዝተፈለየ ኣይኮነን። ብቕደሙ ኣመጻጽኣምን ኣመራርጻኦምን ዝተቐናበረ ረቂቕ ድራማ'ዩ። ንስርዓት ኢሳይያስ ዘይድግፍን ዝጻረርን ኣባል ባይቶ ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ከም ወከልቲ ህዝቢ ንስለ ስም ዝተኣኸቡለን ግዜ ካብ ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ኣይበዝሓን'የን።

እዞም መሪሕነት እዚኦም በደሆትን ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ሓሳባትን ከቕርቡ ዝኽእሉ'ዮም። ኢልካ ዘይሕሰብ'ዩ። ኢሳይያስ ኣብ ዝደለዮ ዝእክቦምን ፋሕ ዘብሎምን ሰባት ምዃኖም'ውን ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ትዕበ ትንኣስ ናይ ስራሕ መዝነት ስልጣንን'ውን የብሎምን። ኣብ ፊት ንፊት ኢሳይያስ ተቐሚጦም ኣኼብኡ ዘዳምቁን ዘጣቕዑን ሰባት'ውን'ዮም። እቲ ምንታይ ገና ካብ ምምራጾም ተሓርዮም ዝኣተው ሰባት'ዮም። ክይሰርሑን ክይደኽሙን ገለ ደመወዝ ከም ዝኽፈሎም'ውን ዝፍለጥ'ዩ።

### ኣመሓደርቲ ዞባ

እዚኦም እቶም ንኢሳይያስ ከሓጉሱ ወትሩ ህርድግ ዝብሉ ኣባላት መሪሕነት'ዮም። ኣብ ነንሕድሕዶም'ውን መን ዝያዳ ብኢሳይያስ ተሞጎሰን ተወደሰን ውድድራት ዘካይዱ ሰበ-ስልጣን'ዮም። ንመገሻታት ኢሳይያስ ኣጽኒዖም ድሙቕ ኣቀባብላ ክገብሩሉ ሰለም ከየበሉ ዝሓድሩ ሰባት'ዮም። ውልዕ ጥፍእ ዝብል ደሓን ዝኾነ ናይ ስራሕ ባይታ'ኳ እንተለዎም ዝበዝሐ እዋን ግን ኣብ ትሕቲ እቶም ተኣመንቲ ዝበሃሉ ኣዘዝቲ ስርሒት ዞባ ሚኒስትሪ ምክልካል ተቐይዶምን ተማእኺሎምን ዝኸዱ መራሕቲ'ዮም።

ከሳብ'ዚ ቀረባ ግዜ ዋላ'ውን ሕጂ ዞባ ማእከል ኣብ ትሕቲ እዚ ስርሒት ዞባ 05፡ ዞባ ደቡብ ኣብ ትሕቲ ስርሒት ዞባ 02፡ ዞባ ዓንሰባን ጋሽ ባርካን ኣብ ትሕቲ ስርሒት ዞባ 03፡ ዞባ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ድማ ኣብ ትሕቲ እዚ ስርሒት 04 ብእውጅ ተማእኪለን'የን ክኸዳ ጸኒሓን። ኣማሓደርቲ እዘን ዞባታት ኣዘዝቲ ስርሒት ዞባ ዘይፈልጥዎን ዘይደልይዎን ክገብሩ ተኽእሎ የብሎምን። እዚ ክብል ከለኹ ግን ሓደ ሓደ ግዜ ስልጣን ኢሳይያስ ገጽ ምስዝመልሰሎም ኣብ ገለገለ ግዝያት ካብ እዚ ስርሒት ዞባ ነጻ ዝኾኑሉ ኣጋጣሚታት ኣለዎም። ኣብዚ መጨረሽታ ዓመታት 2009 ከምኡ'ውን 2010 ዝተራኣየ ነጻ ዝዓይነቱ

ምሕደራ'ውን ሓደ ኣብነት'ዩ።

## *ሚኒስተራት መንግስቲ*

እቲ ዝያዳ ኩሉ ዝገርምን ዘተሓሳስብን መዝነትን ስልጣንን ናይዞም ሚኒስተራት'ዩ። ከም ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ መዝነት ሓላፍነትን ኣለዎም ክትብል ዘድፍር ኣይኮነን። ኢሳይያስ እቶም ብተደጋጋሚ ኣብ ዕጹው ኣኼባ ዝረኽቦም ሰባት እዚኣቶም'ዮም። የግዳስ ከም ኩሉ እቲ ካልእ ሰብ ስልጣን ዝተባሃሎም ስሚያም መምርሒ ስራሕ ተቐቢሎም ካብ ምውጻእ ካልእ ፋይዳን ኣበርክቶን የብሎምን። ሓደ ሓደ ግዜ ብድሌት ኢሳይያስ ዝግበር ዝነበረ ስሉሳዊ ኣኼባ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን እዚ ስርሒት ዞባታት'ውን መውቕዒ ሓለንገኒ ኣብ ዝባኖም ከምዘሎ ንምርኣይን ንምድሃልን ዝዓለመ'ዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስራሓቶም ናጻነት ናይ ስራሕ የብሎምን። ናይ ባዕሎም ይሓይሽ'ዩ ዝብልዎ ፕሮግራማት ሓንጺጾም መደባት ስራሕ ከተግብሩ ዝኽእሉ ኣይኮነን። ከምኡ ስለዝኾነ'ዩ ድማ ጻዕቂ ወይ ዝኸብድ ስራሕ ዘይብሎም ክንዲ እምባ ዝኸውን መዝነትን ስልጣንን ተሰኪሞም ስራሕ ከምዝተሓረሞ ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ብተደጋጋሚ ኣብ ናይ ምሸት ፕሮግራምን መዘናግዒ ቦታታትን ክትርእዮም ልሙድን ዝውቱርን ተግባራቶም ኾይኑ ዘሎ። ገለገለ ሓለፋታት ከም መኪና፡ መንበሪ ገዛ ደሓን ዝኾነ ደመወዝን ኣበልን ከምዘለዎም ዝስሓት ኣይመስለንን። ይኹን'ምበር ምስ ዘሎ ክብርን ናህርን ዋጋታት ኣገናዚብካ ዝተጋነነ ምቾት ዘለዎ ናብራ ይመርሑ'ዮም ንዘመድ ቤተሰብ እተሓጋገዙን እረድኡን'ዮም ክትብል ዝከኣል ኣይኮነን። ንባዕሎም እዞም ሚኒስተራት እዚኣቶም ጽግዕተኛን ተደናገጽትን ኣዘዝቲ ሰራዊት'ዮም። ሓደ ሚኒስተር ብዘይ ዝኮነ ዓቐቢ (ጋርድ) እንተዕዓዝ ሓደ ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት ልዕሊ ናይ ኮለኔል ማዓርግ ዘይብሉ ከባቢ ሓደ ጋንታ ዝኾኑ ዓጀብትን ሓለውትን ሒዙ መዓልታዊ ስራሓቱ ከሳልጥ ዘደንጹ'ዩ። ናብ ኣዘዝቲ ስርሒት ዞባ እንተሰጊርና'ሞ ንኤርትራ ነዊሕ ግዜ ዝተፈለያ ማዕዶ ዘሎ ሰብ ከተእምኖ'ውን ኣጸጋሚ'ዩ። ክሳብ ረሸራሽ ዙ-23 ዝጸዓና ፒክ ኣፕ ቶዮታ ተዓጂቦም ዝኸዱን ኣብ ኣፍደገ ባራት ኣጸጊዖም ዝሰኽሩን ከምዘለው ናይ ኣደባባይ ሚስጢር'ዩ። እስኪ ሚኒስተራት ሃገርና ክሳብ ክንደይ ናይ ምስራሕ ባይቶኦም ከምዝተመንዘዐ ንምርኣይ ውሱናት ኣብነታት ምጥቃስ ኣኻሊ እመስለኒ።

## *ሚኒስትሪ ሕርሻ*

እዚ ሚኒስትሪ'ዚ ብልክዕ ብሚኒስተር ኣረፋይነ ተማእኪሉን ተመሪሑን ዝኸይድ ትካል ኣይመስለንን። ገለ ስራሓቱ ብቐጥታዊ ምሕደራ ኢሳይያስ ገለ ክፋሉ መምርሒ ስራሕ ብዝተቐበሉ ኣማሓደርቲ ዞባታት ገለ ድማ ብኣዘዝቲ ስርሒት ዞባ ሚኒስተር ምክልካል ተመንዚዑ'ዩ። ብዛዕባ ሕርሻዊ ስራሕትን ሕርሻዊ እቶትን ልዕሊ እቲ ሚኒስትሪ እዞም ኣካላት እዚኦም ብተደጋጋሚ ክገልጹን ክዛረቡን ክትሰምዕ ልሙድ'ዩ። ይካየድ ኣሎ ንዝብልዎ ልምዓታዊ ፕሮግራም ብተደጋጋሚ ዑደት ዝገብሩን ዝከታተሉን'ውን ንሶም'ዮም። ንምስራሕ ዲጋ ምዝላይ ምግራብ ዝምልከት ካብ መፈለምታ ክሳብ መመረቕታ ስራሕታ ሚኒስተር ሕርሻ ኣይኮነን። እተን ንመህጠሪ ጁባ ውልቀ ሰባት ለሚዐን ዝበሃላ ሰፋሕቲ ዘመናውያን ጀራዲን ካብ ምቁጽጻር ሚኒስትሪ ወጻኢ'የን።

ሕርሻ ኣፍ ሂምቦል፡ ሞለበር ሳዋ ገርሰት…ወዘተ ኣብ ሃይኮታ ብዝመደብሩ ጉጅለ ስታክቲክስ ቀጥታዊ ምሕደርኡ ኣብ ትሕቲ ቤ/ጽሕፈት ፕረዘደንት ኮይኑ ናይ ዕድግን መሸጣን ዝከታተል'ዩ። ነዚ ጉጅለ'ዚ ኦዲት ወይ ቁጽጽር ዝገብረሉ ሓደ'ኳ የለን። ከም በዓል ሕርሻ ዓዲ ዑመር ገርሰት ሰበር ወዘተ ዝኣመሰላ ድማ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ኣዘዝቲ ስርሒት ዞባታት'ዩ። እቲ ስራሕቲ ብከረምታዊ ዝናብ ዝፈርን ዝለምዕን ከም በዓል ኣግሮ ሕርሻ ዓሊግድር ቃጨሮ ዝኣመሰለ'ውን ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ

ዝቋጻጸሮም እቶት'ዮም። ኣየናይ ክፋል'ዩ ነቲ ሕብረተሰብ መቀይሮ ዝኮኖን ካብ ተጸባይነት ዘድሕኖን ሚኒስትሪ ሕርሻ እስርሕ ዝተነጸረ ኣይኮነን። ክሳብ ኣግራብ ብዘይ ሕጊ ቆሪጽኩም ብምባል ዝፈርዱን ዝቀጽዑን ኣዘዝቲ ሰራዊት'ዮም። እዚ ሚኒስትሪ'ዚ ኩሎም ካልኦት ሚኒስትሪታት መደብ ፕሮግራም **ስርሒ** ናይ ሰሙን ድዩ ወርሓዊ ብላዕሊ ተሰሪዑ'ዩ ዝመጾ።

## *ሚኒስትሪ ህንጻ*

እዚ ሚኒስትሪ'ዚ ልዕሊ ዝኾነ ሚኒስትርታት ናይ ስራሕ ናጽነቱ ሙሉእ ብሙሉእ ዝተሓደገን ዝተገፈፈን ክፍሊ'ዩ። ሚኒስተር ኣብርሃ ኣስፍሃ ካብቶም መዓልታዊ ጊዜኦም ስፖርት (ኩዕሶ እግሪ) ኣብ ምርኣይ ዘሕልፍዎ ሰባት ሓደ'ዩ። ስራሓት እቲ ሚስትሪ ብቀዳምነት ብኢንጅነር ኢሳይያስ ብናይ ህግደፍ ትካላት ህንጻ ስም ሰገን ገደም ሮጻብ ብደሆ...ወዘተ ብተወሳኺ'ውን ብኣዘዝቲ ሰራዊት ተባሒቱዩ። እቲ ተሰሪሑ ዝበሃል ጽርግያታት ዓበይቲ ቢንቶታት ገዛውቲ ምስፋሕን ምልባጥን ቅጥራን ምስራሕ ሓዱሽ መዕርፎ ነፈርቲ ባጽዕ ምስፋሕ ወደብ ባጽዕ ወዘተ እዚ ሚኒስትሪ'ዚ ኢድ ነይርዎ ክትብሎ ኣጸጋሚ'ዩ። እቲ ሓቅን ክውንነትን እዚ ስለዝኮነ'ዩ ከኣ ጉቡእ መጽናዕትን ምቕርራባትን ዘይተገበረሎም ነገራት ተሰሪሖም ካብ ኣገልግሎት ጠጠው ከምዝብሉን ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ክፈራረሱን ክትሪኢ ኣዝዩ ዘሕዝን'ዩ።

እቲ ማእልያ ዘይብሉ ጉልበት ሰብን ገንዘብን ዝፈሰሶ ኣዝዩ ዓቢ ሆስፒታል ድሕሪ'ቲ ኣብ ዓሰብ ዝተሰርሓ ዘመናዊ ሆቴል ገልዓሎ ህያው ምስክራት'ዮም። ሆቴል ገልዓሎ ገብርኤል ኣዛዚ ክ/ሰራዊት 35 ንቤ/ጽሕፈት ክ/ሰ ሆስፒታል ጽሪሕቱም ድማ ንሕክምና ግንባር ተባሂሉ እምነ መሰረት ዝተነበረሉ'ዩ።

ካልእ ብዙሓት ዝተሰርሑ ቢንቶታት ኪኢላዊ ዓቅሚ ዘየሳተፈ ብምኳኑ ዝተፈራረሱ ውሑዳት ኣይኮኑን። እቲ ብተደጋጋሚ ዝረኣይ ጥውይዋይ ጽርግያ ሰሜናዊ ባሕሪ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ነቂዑ ከይግማዕ ዘሰክፈካ'ዩ። እቲ ቀንዲ ጠንቂ ድማ ከምቲ ቀዲሙ ዝተጠቕሰ ናይ ስራሕ ናጽነት ሚኒስትሪ ህንጻ ስለዝተመንዘዐ'ዩ።

## *ሚኒስትሪ ንግዲ*

እዚ ሚኒስትሪ እዚ'ውን ካብቲ ካልኦት ሚኒስትሪታት ዝሐሸን ዝተፈለየን ናይ ስራሕ ባይታን ናጽነትን ኣለዎ ክትብሎ ዝኽኣል ይመስለንን። ብዓቢኡ ስልጣኑ በቲ ዘይኪኢላ ስነ-ቁጠባን ንግድን ዝኮነ ኢሳይያስ ተመንዚዑ'ዩ። ቀጺሉ'ውን ኩሉ ብቑጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ እቲ ስራሕ ተባሒቱዩ። ትዕበ ትንኣስ ፍቓድ ዋኒናት ክኣቱን ከይኣቱን ዝግበኣ ነገራት ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ሓጎስ ኪሻምበር ሚኒስትሪ ንግዲ ኢዱ ኣየንብረሉን'ዩ። ንኩለን እዘን ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ውሽጢ ኣስመራን ከባቢ ኣስመራን ከምኡ'ውን ኣብ ርሑቕ  ዝተሰርሓን ዝተኸፈታን ትካላት ንኣሽቱ ፋብሪካታት ፍቃድ ዋኒን ሚኒስትሪ ንግዲ ኣጽኒዑ ዘይኮነ ቤ/ጽሕፈት ፕረዝደንት ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍን ዘዓደሎም'ዮም።

ሚኒስተር ንግዲ ዶ/ር ገርግስ ነታ ብድሌትን ባህግን ኢሳይያስ ኣብ ኣላቡ ዝተተኸለት ፋብሪካ ባናቶም ከም ሓደ ናይ ስራሕ ኮብራረ ክኸታተል መዓልታዊ ኣለቡ ይወርድን ይቕንይን ምንባሩ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ሚኒስተር ዝኣክል ዝሰርሖ ስራሕ ከምዝተሳእነ ነዛ ትካል እዚኣ መንቅብ ከይርከባ ከም ሓደ ተራ ሰራሕተኛ ትእዛዝ ተቀቢሉ ጊዜኡ ኣብኣ ከሕልፎ ክትርኢ ብጣዕሚ ዘሕዝን ተግባር እቲ ስርዓት'ዩ።

ብሓፈሻ ገለ ካብቲ ብዙሕ ንምጥቃስ'ምበር እቲ ዘይቅርዑይ ተግባርን ምሕደራን ዘርዚርካ'ውን ዝውዳእ ኣይኮነን። ነቶም ብስም

ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ሳዋን ኣብ ዝተፈላለየ ኮሌጃትን ጅሆ ተታሒዞም ዝመሃሩ ዘለው መንእሰያት ተምሃሮን መምሃራንን ፍልጠትን ዓቅምን ብዘይብሎም ኣዘዝቲ ሰራዊት'ዩም ዝምርሑን ዝመሓደሩን። እቲ ሓቅን ልክዕን ኣሰራርሓ ህግደፍ እዚ'ዩ። ሚኒስተራት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ሰብ መዝታት፡ ከምሽናት ስም እምበር ናይ ስራሕ ባይታን ናጽነትን ስልጣንን የብሎምን። ትዕበ ትንኣስ መዓልታዊ ስራሓቶም ብላዕሊ ተሰሪዑን ተሓንጺጹን ዝመጽእ መደብ'ዩ ሎሚ ብዕልን ግሁድን ዘይተኣወጀ ኮይኑ'ምበር ኣብ ኤርትራ ስርዓት ጨቢጡ ብምልኪ ዝገዝእ ዘሎ መንግስቲ ወተሃደራዊ ስርዓት'ዩ። ከምኡ ስለዝኮነ ድማ ደረት ስልጣን ናይዞም ዝጠቀሰናዮም ሰበ-ስልጣን ዝተባሃለካ ምስማዕ ምትግባር እምበር ሕቶን ርኢቶን ኣስዒብካ ዝሓሸን ዝበለጸን ኣሰራርሓ ከተታኣታቱን ክትጥቀምን ዝከኣልን ዝፍቀድን ኣይኮነን።

ስለዚ ናብቲ ቀንዲ መዛረቢ ዛዕባና ክንምለስ ስልጣን መንግስቲ ኣበየናይ ጉጅለታት ተገቢቱን ተባሒቱን ከምዘሎ ዝተነጸረ እመስለኒ። ብኡ መጠን ድማ እቲ ስውር ቁሉዕ ምፍናን ኣብዞም ኣካላት እዚኣቶም'ዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም መን'ዮም? ኣብ ሳልሳይ ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ክንምለሶ ኢና።

***ሞት ክናና ንኢሳይያስን ዓንገልቱን!!***

*ኣለና ብውሽጢ*

## ***ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ሕጂ የብቅዕ።***

## ***ስውርን ቁሉዕን ምትፍናን ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ***

## ***ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ'ዩ።***

### ***ሳልሳይ ክፋል***

እዞም ሰባት እዚኣቶም ከምቲ ቀዲምና ዝረኣናዮ ኣብ መጨረሽታ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ዝነበረ መድረኽ ብቀጥታን ተዘዋዋርን ምልመላ ኢሳይያስ ንኽገብሩ ዝተሓረዩ'ዮም። ኩሎም በቲ ኢሳያይስ ዝኣምነሉ ናይ ምልክን ጸቅጥን ስነ-ሓሳብ ዝኣምኑን ዝረዓሙ'ን'ውን'ዮም። በዞም ተኣመንቲ ዝበሃሉ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣብ መሳልል ስልጣን ዝተወጥሑ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ማሓርትን ቀጻዕትን ኮይኖም ዘለው ድማ ብዙሓት'ዮም።

እዞም ኣብ ዝተፈላለየ ላዕለዋይን ማእከላይን እዝታት ሰራዊት ዝተዘረጉሑ ሰባት ኣብ ነናቶም ዘምልኽዎ ላዕለዎት እዝታት እምነት ዘንበሩን ዝተጎጃጀሉን'ውን'ዮም። እዚ ይኩን እምበር ኣምልኮን ተኣማንነትን ንኢሳይያስ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእትው ኣይኮኑን። ብጀካ እዚኦም ቀጥታ ርክቦምን ተጸዋዕነቶምን ንኢሳይያስ ዝኮኑ ኣብ ቁልፊ ዝኮነ ናብ መንግስቲ ትካላት ኣዝዩ ገዚፍ ልዕሊ ዓቅሞም

ዝኮነ ሓላፊነት ተሰኪሞም ዝሰርሑ'ውን ኣለው።

እቶም ኣርባዕተ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ህግደፍ ከምገበርትን ሓደግትን ዝፍለጡ ኣካላትን ብናታቶም ምልመላ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ህግደፍን ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ተዋፊሮም ዘለው ካድረታትን ኣሳሰይትን'ውን ስጡም ሰንሰለት ርክብ ዘለዎም ሓደገኛ ጉጅለ'ዮም። እዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ዓቢ ጽልዋን ተፈራሕነትን ዘለዎም ኣካላት'ዮም። እቲ ስውር ግን ከኣ ቁሉዕ ምትፍናንን ምትሕልላውን ኣብዞም ተኣመንቲ ዝበሃሉ ወገናት'ዩ። መን ኣብ ቅድሚ ኢሳይያስ ዝያዳ ተኣሚኑ ሞጎስን ተጸዋዕነትን ረኺቡ። ሚኒስተራት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ኮሚሽናት፡ ሰብ መዝታት ጽግዕተኛን ተደናገጽትን ናይዞም ሚሒር ተፈራሕትን ደረት ስልጣኖም ብንጹር ዘይፍለጥ ሰባት'ዮም። ነፍሲ ወከፍ ተግባር ስራሕቶም ብዝርዝርን ጭቡጥ ኣብነታትን ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

## እዚ ስርሒት ዞባታት

እዞም ኣዘዝቲ እዚኦም ስልጣን ሚኒስትሪ ምክልካል ብቑሉዕ ዝመንዝዑ ኣካላት'ዮም። እዝን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ምክልካል ነዞም ኣዘዝቲ እዚኣቶም ኣይንታዮምን'ዩ። እቶም ቀንዲ ተኣመንቲ የማናይ ኢድ ኢሳይያስ ኮይኖም ልዕሊ ሚኒስትሪ ምክልካል ቀጥታውን ዘየቋርጽን ርክባት ምስ ቤ/ጽ ፕረዝደንት ዘለዎም'ዮም። ዝበዝሓ ስራሕቶም ካብ ኣፍልጦን ትእዛዛትን ሚኒስትሪ ምክልካል ወጻኢ'ዩ። ደረት ናይ ሒዞሞ ዘለው ስልጣንን ስራሕን'ውን ብንጹር ዝፍለጥ ኣይኮነን።

ኣብ ገለገለ እዋን ናይ ሚኒስተራትን ኣመሓደርትን ብምትቅላል ገቢቶም ክትርኢ ልሙድ'ዩ። እዚ ይኹን እምበር እዞም ከም ላዕለዎት መራሕትን ኣዘዝትን ሓይልታት ምክልካል ኤርትራ ዝኾኑ ሰበ-ስልጣን ኣብ ሕድሕዶም'ውን ብመን ዓብለለ፡ መን ዝተዓጻጸፈ ዝያዳ ሃብቲ ኣጥረየን መን ኣብ መንበረ ምልኪ ኢሳይያስ ተኣማኒ ኮነን ዝመበገሲኡ ወትሩ ኣብ ምትሕልላውን ኣብ ምትፍናን ዝርከቡ ሰባት'ዮም።

ኣብ ሕድሕዶም ካብ ክሳድ ንላዕሊ ንይምሰል እምበር ውሁድ ዝምድናን ጥቡቅ ርክብን የብሎምን። እቲ ሓደ ዘደየቦ እቲ ካልእ ከውርዶ፡ እቲ ሓደ ዝሓንጸጾን ዘጽደቆን እቲ ካልእ ከፍርስ፡ ሓደ ዝኣሰሮ እቲ ካልእ ክውጽኦ ክፈትሖን ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ምፍጣጥን መን ካብ መን ሓይሉ ዝዓይነቱ ውድድር ተሸሚሞም ዝርከቡ'ዮም።

ነዞም ኣዘዝቲ እዚኣቶም ዝቐይዶም ሕጊ የለን። ዝመሰሎምን ዝተራኣዮምን ክገብሩ ንዖኦም ሕጊ ሓላል'ዩ። ዓበይቲ ንግዳዊ ትካላት ክሳብ ስግር ባሕሪ ብመገዲ የመን ብመሬት ድማ ውሽጢ መሬት ሱዳን ኣቲካ ስለምንታይ ዝብሎም ሓታቲ የብሎምን። ሰፋሕቲ ናይ ዝናብን መስኖኣውን ሕርሻታት ብናጻ ጉልበት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝዕየ ምርባሕን ምስባሕን ጥሪት ዘመናዊ መፍረ ደርሁን ኣናህብን ወዘተ ዝኣመሰለ ዋኒናት ብስም እዚ ስርሒት ዞባ ዝውንኑ'ዮም።

ኣታዊታት ናይዚ ዝተጠቀሰ ዓበይቲ ትካላት ባዕሎም ዝሓረይዎ ተኣማኒ እንተዘይኮይኑ ዝፈልጦን ዝቋጻጸሮን የለን። ሎሚ እቶም ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ኣጥርዮምን ኣካዕቢቶምን ኣለው ዝበሃሉ ሰበ-ስልጣን እዚኦም ዝተሰርዑ ብፍላይ ክሳብ ጽፍሒ ሓላፍነት ክፍለ ሰራዊት ዝሓዙ'ውን ኣብዚ ናይ ውራውራ ግዜ ዝሓመቑ ኣይኮኑን። ብተመሳሳሊ ስራሕ ጎይቶቶም መሊኡ ዝፈሰሰ ሃብቲ ኣጥርዮም'ዮም።

እዚም ኣብ ማእከላይን ላዕለዋይን ጽፍሕታት ዘለው ጉጅለ ወትሩ ዝና ነንዝኣምንሉ ኣዛዚ ስርሒት ዞባን መዘናታት እናልዓሉ ብኩውንን ዘይኽውንን ተግባራቶም ኣብ ዝተራኸቡሉ ዝከራኸሩን ዘራፍ ምስበሉ'ዮም። እዚ ክብል ከለኩ ካብዞም ላዕለዎት ኣዘዝቲ

ሰራዊት እዚኣቶም ሰረተ ሓይሊ ዘይብሎም ካብቲ ናይ ኣደራራስ ጸወታ ጃለ ጥራይ ኢዶም ዝወጹን ዝተረፉን ንይምሰል ሰራውሩ ዘይዓሞቀ ቦታ ዝሓዙ ከምዘለው ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

እዞም ስሞም ከም ንመዘከሪ ኣብ በዓልን ንግደትን ጥራይ ዝጽውዑ ኣዘዝቲ ሃብቲ ህዝቢ ኣብ ምዝራፍን ምዝማትን'ውን ብዙሕ ተሳተፍቲ ኣይኮኑን። ልክዑ ዝሓለፈ ዝጋነን መነባብሮ'ውን የብሎምን። ብቀደም ተኸተል ንኩሎም ምስሎምን ስልጣን መዝነቶምን ንምርኣይ ሓደ ብሓደ ምዝርዛር ኣገዳሲ'ዩ።

## ሜጀር ጀኔራል ሃይለ ሳሙኤል (ቻይና)

ሓደ ካብቶም ኢሳይያስ ዘፍረዮም ተኣመንቲ ተተፋነንቲ ተሓለለውቲ ሓይሊ'ዩ። ሜጀር ጀኔራር ሃይለ ሳሙኤል (ቻይና) ኣዛዚ ግንባር ዓሰብ ወይ እዚ ስርሒት ዞባ 04 ካብ ዝኸውን ሓያሎ ዓመታት ኣቑጺሩ'ዩ። ሕጂ ከኣ ኣዛዚ እዚ ምዕራብ'ዩ። ቻይና ኩሉ ተግባራቱን ስራሕቱን ሕቡእን ስውርን ሚስጥሰራውን'ዩ። እቶም ብቀጥታ ምልመላን ድሌቱን ዝመጹ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ዝደየቡ'ውን  ተመሳሳሊ ባህርያቱ ዝሓዙን ዘንጸባርቑን'ዮም። ብዙሕ ሰብ ኣብ ዝንቀሳቀሰሉን ምንም ቤት መስተን ክትረክቦ ኣጸጋሚ'ዩ። ዝህቦም ትእዛዛት መምርሒታት ተረርቲ ግበር ኣይትግበር ዝብሉ'ዮም። ምስ ካልኦት ብምንጽጻር ደሓን ዝኾነ ርግኣት ዘለዎ'ኳ ተኮነ ልክዕ ከም ጎይትኡ ኢሳይያስ ተቀያምን ነካስን ስጉምቲ ንምውሳድ ድሕር ዘይብልን'ዩ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓሰርተው ዓመታት ሜጀር ጀነራል ቻይና ደራሪቡ ሒዝዎ ዝነበረ ስልጣንን ሓላፍነትን እንተሪኢና ኣብ ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ዘይቕርዑይ ግዕዙይ ስርዓት ምህላው ጭቡጥ ኣብነት'ዩ። ስልጣን ሚኒስተራት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ኮሚሽናት ካልኦት ሰብ መዝታትን ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ቁጽጽሩ ዝነበረሉ ዓመታት ውሑድ ኣይኮነን። ኣብ ርእሲ እቲ ፍሉጥ ወተሃደራዊ መዝነቱ ኣዛዚ ስርሒት ዞባ 04 ከም ላዕለዋይ ኣማሓዳሪ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ከም ሓላፊ ረፋይነሪ ከም ኣማሓዳርን ኣካያድን ወደብ ዓሰብን ባጽዕን ኮይኑ'ውን ሰሪሑ'ዩ።  ከምዚ ዓይነት ሓላፍነት ንሚኒስተር ምክልካል ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም'ውን ተዋሂቡዎ ኣይፈልጥን'ዩ። ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ'ውን ንዝተወሰነ ጊዜ ኣብ ትሕቲ እዚ ምቁጽጻሩ ኔሩ'ዩ። ነቲ መጀመርያ ኣብ ትሕቲ እዚ ሓይሊ ባሕሪ ዝተመስረተ  ኣብዚ እዋን'ዚ ንኩሉ ብሕታዊ ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት ኣልዩ ንመላእ ኤርትራ ተቆጻጺሩ ዘሎ ኩባንያ ትራንስፖርት ሓራት'ውን ላዕለዋይ ኣዛዚኡን ኣማሓደሪኡን ነይሩ'ዩ። እዝን ካልእን ዝተደራረበ ደረት ዘይብሉ ሓላፍነት ብዙሓት ስዓብቲ ክሕዝን ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ሃብቲ ክድልብን ኣኽኢልዎ'ዩ። ካብ ዓሰብ ንየመን ብስም እዚ ስርሒት ዞባ 04 ስም ውልቀ ነጋዶ ከም በዓል ወዲ ዓለም ገርግስ ብምትሕብባር ዝካየድ ዝነበረ ንግዳዊ ስራሕ ሓደ ካብቲ ልዑል ምንጪ ገንዘብ ዝተረኸቦ'ዩ። ቻይና ሎሚ ካብቶም ዝሃብተሙ ሓደ'ዩ።

እዚ ይኹን እምበር በትረ ስልጣን ኢሳይያስ ልዕሊ ንሱ ዝደልዮ ሓይሊ ክትገብር ዘፍቅድ ኣይኮነን። ብኡ መንጽር ሓለንጊ ኢሳይያስ ካብ 2007 ንደሓር ዘሎ ግዜ ኣብ ልዕሊ ስዓብትን ስሩዓትን ቻይና ስጉምቲ ክወስድን ተደራሪቡ ዝነበረ ሓላፍነት ናብ ካልእ ክግዕዝን ተራእይ'ዩ። ብመጀመርያ እታ ብሕርያ ኢሳይያስ ካብ ኣዝዩ ትሑት ናይ ስልጣን ቦታ ተተኪሳ ዝመጸት ኣማሓዳሪት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ጽጌሬዳ ወ/ጊዮርጊስ ካብ እዚ ምምሕዳር ቻይና ወጻኢ ኾይና'ያ። ገና ንውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ስልጣን ከይጸነሓት'ውን ብዙሓት ብስልጣንን ግድምናን ዝበልጽዋ ዝነበሩ ብመገዲ ቻይና ኣብ ቁልፊ ቦታ ምምሕዳር ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተሰኩዑ ከም ዝእሰሩን ዝድስኩሉን ገይራ'ያ። ቀጺሉ ምምሕዳር ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሙሉእ ቁጽጽር  ኣፈወርቂ ከምዝስጋገር ኮይኑ'ዩ።

ኣብ መጀመርያ 2009 ድማ ኩባንያ ትራንስፖርት ሓራት ናብ ምምሕዳር ወልዱ ባርያ ከምዝኣቱ ኾይኑ'ዩ። ላዕለዋይ ሓላፊ እቲ

ትካል ዝነበረ ቀንዲ ተኣማንን ዓርክን ቻይና ዓጎምበሳ ድማ ዕጭኡ ምእሳር ኾይኑ። እቲ ናይ ነዊሕ ዓመታት ጭርጭር እዚን ወዲ ከምዝን ዝዓብለሎ ኾይኑ ኣብ 2010 ቻይና ከም ሓላፊ ምዕራባዊ እዚ ኾይኑ ናብ ከባቢ ጋሽ ባርካ'ዩ ሰጊሙ። ሓደ ካብቲ እትው ምስበለ ዝተካየደ ኮሜድያዊ ድራማ ምስ ምፍራስ ብሎኮታት እኽልን ንብረትን ካብ ተሰነይ ናብ ኣስመራ ከተንቀሳቀስ ምፍቃድ'ዩ። ምናልባት እዚ ኬላታት'ዚ ብሜጀር ጀነራል ፊሊጶስ ሜጀር ጀነራል ውጩን ዝተተኸለን ዝተገብረን እሞ ብድፍኢት ሓይሊ ቻይና ዝፈረሰ ዝመሰሎም ግሩሃት ወገናት ብዙሓት'ዮም። እቲ ሓቂ ግን ኢሳይያስ ካብቲ ነገር ኢዱ ሕጹብን ነጻን ዘይፈልጦን ምኳኑ ንተዓዛቢ ህዝቢ ንምድንጋር ዝተሰርሓ ተዋስኦ'ዩ። ልዕሊ ኢሳይያስ ነዚ ብሎኮታት'ዚ ዝፈልጦን ዝረገጾን እቲ መዓልታዊ ስርሑ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ጥራይ'ዩ። እቲ ቀዳማይ ዝውቱር ናይ መገሻ ጉዕዝኡ ኩሉ ከምዝፈልጦ ዞባ ጋሽ ባርካ'ዩ። ብዛዕባ ተለዊሱ ክሓልፍ ዝፈተነ ቢሑቅን ቁንጣሮ ብምሊሊኸ ዝስፈር እኽልን ኣብ ቃለ መሕትቱ ዝተዛረቦ ኣዝዩ ዘሕዝን ዘይውርዙይ ቃላት ዝርሳዕ ኣይመስለንን ኣብ ራብዓይ ክፋል የራክበና።

***ምት ክናን ንኢሳይያስን ዓንገልቱን!!***

***ኣለና ብውሽጢ***

## ***ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ሕጂ የብቅዕ።***

## ***ሰውርን ቁሉዕን ምትፍናን ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ***

## ***ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ'ዩ።***

### ***ሜጀር ጀነራል ፊልጶስ ወልደዮውሃንስ***

***ራብዓይ ክፋል***

ሓደ ካብቶም ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ጽጉብ ክራማት ኢሳይያስ ዝርከቡ ተኣመንቲ ኣርሓ'ዩ። ፊልጶስ ንነዊሕ ግዜ ከም ኣዛዚ ስርሒት ዞባ 02 ኾይኑ ዝመርሓ ኣዛዚ ሰራዊት'ዩ። ከም ተወሳኺ ግነያ ስልጣን ላዕለዋይ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካን ዞባ ዓንሰባን'ውን ነይሩ'ዩ። ቅድሚ ናብዚ ሕጂ እዋን ሒዝዎ ዘሎ ልጋም ዝሰኣነ መዝነት ስልጣኑ ምርኣይና ቁሩብ ዓመታት ንድሕሪት ምምላስ ኣገዳሲ'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ፊልጶስ ካብቶም ተጠራጠርትን ሙኩሓትን ሰባት ሓደ'ዩ። ኣካይድኡ ጥንቁቅ ካብቶም ብዘይ ዓጀብቲ ሓለዋ ተንከስ ኢሉ ዘይንቀሳቀስ'ዩ። ኣብ ህዝባውን ቁሉዕን ቦታታት ክትረኽቦ ዝኽኣል ኣይኮነን። ዝኣትዎ ቦታ ውሑስ ማዕረ ማዕርኡ ድማ ስውር'ዩ። እንተኾነ ካብቶም ሓደገኛ ወልፊ ቁማር ዘማዕበሉን ዘለዎምን ሰባት ሓደ'ዩ። ኣብ ኣፍደገ ብሓለውቱ ተዓጂቡ ምስ

በዓል ፍትዊ ኣስረስን መዘናግታቶም ሃብታማትን ኣብ ላሊበላ ሆቴል፡ ኣብ መንበሪ ገዛ ሰለሙን ቢቕቢቕ፡ ወናኒ ዳንኤል ፋስት ፉድ ኣስመራ፡ መዘናግዒ ማእከል ገዛ ባንዳ ጥልያን፡ ብማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ክቋመር ዝሓድረሉ ውሑድ ኣይኮነን።

ሜጀር ጀነራል ፊልጶስ ካብቶም ጨቆንትን መለኽትን ተቐየምትን ዝበሃሉ ሓለፍቲ ሓደ'ዩ። ኣብ ቂምትኡ ኣየውዕልካ'ዩ። ሓደ ኣብነት ንምጥቃስ ኣብ መንጉኡን ኣብቲ ምስ ኢሳይያስ ደሓን ዝኾነ ጥቡቕ ርክብ ኣለዎ ዝበሃል ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣማሓዳሪ ዞባ ደቡብ ዘሎ ቀዲሙ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝነበረ ሙስጠፋ ኑርሑሴን ዝነበረ ዘይምርድዳእን ግርጭት'ዩ።

ሙስጦፋ ፈትዩ ክሳብ ዝጸልእ ብፊልጶስ ዝተጸርፈን ዝተዘለፈን ዝተገፍዐን ሰብ'ዩ። ክሳብ ካብቶም ብስም ሓው ሙስጦፋ ከም ሓለፉ ናይ ምእራይ ወርቂ ሉቸንሳ ዝነበሮም ኣብ ከተማ ኣቁርደት ዝነብር ሓው ምኽንያት ፈጢሩ ብምእሳር ብደው ስቅያቱ ዘርኣዮ ሰብ'ዩ። ኣብ መጨረሽታ ክሳብ ንምቕያር ዘብጽሕ ቀጻሊ ጥርዓን ናብ ኢሳይያስ ዘቕርብ ዝነበረ ሙስጦፋ ብሰበብ ፊልጶስ'ዩ። እቲ ዝገርም ኣብዚ ስዓት'ዚ ንሓይልን ስልጣንን ፊልጶስ ኣሚኑን ርዒሙን ካብቶም ቀንዲ ጥቡቕ ርክብን ዕርክነትን ዘለዎም ቀዳማይ ጽግዕተኛን ተደናጋጽን ፊልጶስ ምኳኑ'ዩ።

ፊልጶስ ኣብ ዓይኒ ኢሳይያስ ክይተረፈ ደሓን ተፈታውነት ዘለዎም ከም ብ/ጀነራል ወዲ ሊቀ፡ ኮነሬል ሓዱሽ ኤፍሬም፡ ኮነሬል ሓረጎት ፍርዙን፡ ወዲ ኣመሪካ ዝኣመሰሉ ስዓብቲ ጉጅለ ዘለውዎ ተፈራሒ ሓይሊ'ዩ። ኣዛዚ ስርሒት ዞባ 02 ኣብ ዝነበረሉ ኣኺሉ ዝፈሰሰ ብሚልዮናት ዝቑጸር ሃብቲ ጓሕጉሑ'ዩ።

ፊልጶስ ዓበይቲ መስኖኣውን ብዝናብ ክራማት ዝሕረሱ ሰፋሕቲ ናይ ሕርሻ መሬትን ልዕሊ ቁጽጽር ዝኸደ ዓቢ ናይ ምስባሕን ምርባሕን ጥሪት ዝውንን ኣዛዚ'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩን ደረት ስልጣኖም ዘይፍለጥን ሰበ-ስልጣን ፊልጶስ'ዩ።

ብቐዳምነት ኣዛዚ ናይቲ ብተወርዋሪ ሓይሊ ሪዘርቭ ዝፍለጥ ኣሃዱ'ዩ። እዚ ሓይሊ'ዚ ንእዚ ስርሒት ዞባ 05 ተኪኡ ዝቖመ'ዩ። ብካልኣይ ደረጃ ላዕለዋይ ሓላፊ ውሽጣዊ ጸጥታ'ዩ። ከም ሳልሳይ ላዕለዋይ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ'ዩ። እቶም ኣብዚ ዲሒሩ ዝተጠቕሰ መዝነታት ንይምሰል ዝተቐመጡ ሓለፍቲ ብዘይ ኣፍልጦን ትእዛዝን ፊልጶስ ትዕበ ትንኣስ ስራሓት ኣይፍጽሙን'ዮም። ብተወሳኺ ሓላፊ ናይ ኩለን እተን ናይ ዕፉና እስርቤታት ከም እስርቤት ማይ ስርዋ፡ ዓዲኣቤቶ፡ ትራክ ቢ፡ በለዛ፡ ሰርጀቃ እንተላይ እስርቤት ዒራዒሮ ኣብ ትሕቲ እዚ ቁጽጽሩ'ዩ። ብጀካ'ዚ ሜጀር ጀነራል ፊልጶስ ናይ ብሙልኣን እተን ብቀጥታ ኢድ ኢሳይያስ ዝተዓጽዋን ዝተዓሸጋን ትካላት ሃብታማት ኤርትራውያን ቀዳማይ ተጸዋዕን ተሓታትን'ዩ። ማእለያ ዘይብሉ ንብረት ዝሓዘ መካዚኖታት በዓል ዘርኢጋብር ሳምሶም ወዲ ቀሺ ፍቕረ መፋትሑ ኣብ ኢድ ፊልጶስ'ዩ። ናይተን ኣብ ዓመተ 2009 ኣልማማ ብቤ/ጽሕፈት ፕረዝደንት ዝተዓጽዋን ዝተዓሸጋን ከባቢ ሓምሳ (50) ዝኾና እንዳ ወርቂ'ውን ንምምሕዳር ዞባ ማእከል ይኩን ሚኒስትሪ ንግዲ ዝምልከት ኣይኮናን። ኩለን ኣብ ትሕቲ እዚ ቁጽጽር ፊልጶስ እየን።

ሜጀር ጀነራል ፊልጶስ ምስ ምቕያር ካብ እዚ ስርሒት ዞባ 02ን ምስ ምምጻእ ሜጀር ጀነራል ውጩ ናብቲ ቦታን ገለ ካብቶም ስጡም ሰንሰለት ርክብ ዝነበሮም ሰዓብቱ ምድስካል ዝዓይነቱ ሓጎጽጎጽ እንተገጠሞ ሕጂ'ውን ካብቶም ኣዝዮም ዝፍርሑ ጉጅለታት ሓደ'ዩ። ብዝያዳ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዓይኒ ኢሳይያስ ሞጎስ ረኪቡ ተኣማኒ ብምኳን እቲ ቀዳማይ ተተፋናንን ተሓላላውን ሓይሊ ንሱ'ዩ።

## ሜጀር ጀነራል ገብረዝጊሄር ዓንደማርያም (ውጩ)

ሜጀር ጀነራል ውጩ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተው ዓመታት ካብቶም ቀዳማይ ተኣመንትን የማናይ ኢድ ኢሳይያስን ዝነበሩ ኣዘዝቲ

ሓደ'ዩ። ንኢሳይያስ ብዝተፈላለየ ዓቢ ክብሪ ዝሁብን "ኣያ" ኢሉ ዝጽውዖን ሓደ ካብ ላዕለዎት ጀነራላት ንሱ'ዩ። ዘበነ ውጩ ህዝቢ ዞባ ማእከል ብፍላይ ከኣ ህዝብን መንእሰያትን ኣስመራ ካብቲ ብሕሱም ኣገዛዝኣኡ መዳርግቲ ዘይነበሮ ስርዓት ደርግ ፈልዩ ኣይዝክሮን'ዩ። ብዝያዳ ኣብ መንእሰያት ከቢድ ስንብራትን ዘይሃስስ በሰላ ዝገደፈን ኣዛዚ'ዩ። ብዙሓት ንድልየታቱን ተልእኾታቱን ዘሳስዩን ዘሳልጡን መንእሰያት ኣሳሲይቲ ብምቁጻር ሰባት ኣከላቢቱ'ዩ። ዳርጋ እተን ዝበዝሓ ኣብ ኣስመራን ከባቢ ኣስመራን ዝተደኮና እስርቤታት ኣብ ግዚኡ እየን ተጋኒነን ሕማቅ ስም ሒዘንን።

ሜጀር ጀነራል ውጩ ክሳብ ረሸራሽ ዝጸዓና ፒክ ኣፕ፡ ቶዮታታት ተዓጂቡ ኣብ ኣፍደገ ብበዝሒ መንእሰያት ዝዘናግዕሉ ባራት ኣጸጊዑ ዝሰክር ዝነበረን ኣብ ጣውላ **<u>እልቢ</u>** ዘይብሉ ገንዘብ ዝኸፍል ዝነበረን ኣዛዚ'ውን'ዩ። ኣብ ባራት ምስ ሰኸረ መንእሰያት ዘንበርክኽ በጥ ኣቢሉ ዘንፋሑክ "ኤርትራዊ ዲኻ ትግራዋይ?" እናበለ ዝጸፍዕ ካብ ቁም-ነገሩ ሕማቕ ተግባራቱ ዕሽነቱን ዝዛይድ ኣዛዚ ሰራዊት'ዩ።

ወዲ ሰብ ክኣምኖ ዘጸግም ካልእ ሑሉፍ ተግባራት ሜጀር ጀነራል ውጩ'ውን ኣሎ። ኣብ ባር እንዳ ጻዕዳ እግሪ፡ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ባር ኣብርሃት፡ ገዛማንዳ ጥልያን፡ ባር ለምለም ሰለስተ ከባቢ ቦቾፊላ ብዙሓት ሰበ-ስልጣን ህግደፍን ሓለውቲ ጋርድ ኢሳይያስን ዘዘውትርዎ ገዛ ምስ በዓል ሳምሶም ወዲ ቀሽን ሰለሙን ዘርኣይን ብምኳን እግሩ ብብላክ ለቨል ዊስኪ ኣብ ዓሚቕ ሽሓነ ዝሕጸበሉ ዝነበረ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ካብቲ ንቡር ኣተሓሳስባ ወዲ ሰብ ወጻኢ እንስሳዊ ባህርን ጠባይን ዘማዕበሉ ኣዝዮም ዓበይትን ተፈራሕትን ሓይሊ ከኾኑ ብጣዕሚ ዘሕዝን'ዩ። ብርግጽ ከኣ ውጩ ካብቶም ተፈራሕቲ ተሓላለውቲ ጉጅለታት ሓደ'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ውጩ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ልዕሊ ዓቕሙ ዝኾነ ስልጣን ብኢሳይያስ ተዋሂቡ እሰርሕን እንቀሳቀስን ምንባሩ ዝርሳዕ ኣይመስለናን። ኣዛዚ ስርሒት ዞባ 05 ላዕለዋይ ሓላፊ ውሽጣዊ ጸጥታ ሓላፊ ኩለን ናይ ዕፈናን ጭውያን እስቤታት ላዕለዋይ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ'ዩ ነይሩ። ንፖሊስ ኤርትራ ድቦላ ገምጋም ዓሰርተው ዓመታት ስርሑ ኣብ ሄድኳርተር ፖሊስ ኤርትራ ንከባቢ ዓሰርተ መዓልታት ኣኼባ ኣብ 2003 ወርሒ መስከረም ዘካየዶን ንኣዘዝቲ ፖሊስ ኤርትራ ብቀጥታዊ ኢድ ዝኣሰረን ኣብ ምምርማሮም ዝተሳተፈን'ዩ። ማእለያ ዘይብሉ ንጹህ ሰብ ዝተኣሰረሉን ዝተኸላበተሉን ኣብ ጊዜኡ'ዩ። ስለምንታይ ነዚ ተኣፋፊ ኣቀያያሚ ስራሕ ብቀዳምነት ውጩ ተመሪጹ ናይ ገዛእ ርእሱ ዓቢ ምክኒት ኣለዎ። ካብቶም ንኣምልኮን ስልጣንን ኢሳይያስ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእትው ብሳልኡ ዝብሉ እሙናት ኣገልገልትን መጋበርያን ምኳኑ ግን ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ።

ቅድሚ ምቕያር ሜጀር ጀነራል ውጩ ናብ ስርሒት ዞባ 02 ኣብ መሰልጠኒ መምሃራን ኣስመራ (T.T.I) ዝነበረ ኣኼባ ብኣብነት ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ መጨረሽታ ኣዋርሕ 2007'ዩ። ህዝቢ ተማሪሩ ስደትን ሃዳምነትን በዚሑ ተጋዳላይ ዘይከምቲ ዝተፈተዎ ኣዝዩ ተጸሊኡ ዝብል ዛዕባታት ዝሓዘ'ዩ። ምክርን ርኢቶን ገዳይም ተጋደልቲ ንምስማዕ መንግስቲ ገለገለ ጽገናዊ ለውጥታት ክገብር ተባሂሉ ብኢሳይያስ ዝተጸወዐ ዕጽው ኣኼባ'ዩ። ኣኼባ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን ሰበ-ስልጣን መንግስትን ዝተሳተፉሉ ኢጋጣሚ'ውን'ዩ ነይሩ። ተሳታፊ እቲ ኣኼባ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ትካላት ዝሰርሕ ዝተፋነወ ተጋዳላይ ስንኩላን ዘጣመረ ኾይኑ ገዲም ናይ ሰብዓታት ተጋዳላይ ጥራይ'ዩ ተጸዊዑ። እዚ ኣኼባ'ዚ ካሜራታት ሚኒስትሪ ዜና ሰኒደንኦ ዘለዋ ሓቂ'ዩ።

ኣብቲ ኣኼባ ካብ ዝተላዕለ ሓደ ዓብን በዳህን ኣካራኻርን ጉዳይ ምብዛሕ እስርቤታት ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን'ዩ። ህዝቢ ኣሚኑና ኣገባብ ኣመራርሓና ተቐቢልዎ ዘይኮነ ብሓይሊ ኣፈሙዝ ብረት ኣቕኒዕና ኢና ሒዝናዮ ዘለና ምብዛሕ እልቢ ዘይብለን እስርቤታት

መግለጺ እምብይትኡ'ዩ ዝብል ኣኸራኻሪ ነጥቢ'ዩ።

ኢሳይያስ ብዛዕባ እቲ ዝበሃል ዘሎ እስርቤታት ዝፈልጦ ከምዘይቡሉን እቲ ጉዳይ ንሚኒስትሪ ምክልኻል ከምዝምልከት'ዩ ኣብሪሁን ኬዱን። ኣብቲ ኣኼባ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ብምንባሩ ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝፈልጦን ኢዱ ዘንብረሉ እስርቤታት ሓደ'ኳ ከምዘየለን ኩሉ እስርቤታት ብእዚ ስርሒት ዞባ 05 ከምዝካየድ ተሓታቲ እቲ ጉዳይ ድማ ንሱ ምኳኑ ብንጹር ኣብሪሁን ገሊጹን'ዩ።

እቲ ነገር ዘይሩ ዘይሩ ናብ መን ከምዝኸውን ርዱእ እመስለኒ። ኣብ ገለገለ ኣጋጣሚ ውጩ ገርሂ'ዩ ክበሃል ሓቂ'ዩ። ሜጀር ጀነራል ውጩ ነቲ ኩነታት ከብርህን መልሲ ክህበሉን ምስተሓተተ ሓጺርን ገላጽን ዘረባ'ዩ ተዛሪቡ። "ኣያ እዛ ነገር ያዕ ንበላ ንስገራ ንሕና ግፈፉ እንተበልካና ንገፍፍ፡ ሕደጉ እንተበልካና ንገድፍ ሰባት ኢና ኣየናይ ዓቕሚ ኣለና ክንኣስርን ክንፈትሕን" ክብል'ዩ መሊሱ።

ብዘረባን መልስን ውጭ ኢሳይያስ ኣይተሓጎሰን። ካብቲ ጉዳይ ክወጽእን ክሃድምን'ውን ኣይተኸእለን። ጉዳይ'ቲ ዝበሃል ዘሎ እስርቤታት ሓደ መዕለቢ ክግበረሉ ምኳኑ'ውን መደምደምታ ሂቡ። ኣብቲ ኣኼባ ክልተ ነገራት ንጹራት ከምዝኾኑ ኾይኖም'ዮም። ቀዳማይ ኢሳይያስ ብቀጥታ ዝእዝዞ ሓይሊ ከም ዘሎ ተረጋጊጹ። ካልኣይ እዚ ሰንሰለት ርክብ ሚኒስትሪ ምክልካል ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝተበንጠሰ ምኳኑ ተጋሂዱ'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ውጩ ኣብ ዋዜማ ሚሊኒየም 2000 ኣብ ሆቴል ሓምላይ ደሴት ካብ ኣዘዝቲ በራጊድ ንላዕሊ ኣብ ዘሳተፈ ዓቢ ናይ ምትእኽካብን ምዝንጋዕን ምሸት ብዕሊ ሓደ ጉጅለ መስሪቱ'ዩ። እዚ ጉጅለ'ዚ ኣብ ሕድሕዱ እቕረ እቕረ ብምብህሃል ብኣላይነት ውጩ ዝቕመ'ዩ። ኣብ ገዚኡን ሰዓቱን'ውን እቲ ዝደልደለን ዝሓየለን'ዩ ነይሩ። ንከም ብ/ጀነራል ኣብርሃም ዓንደሞ (ዓፋን)፡ ብ/ጀነራል ሚኪኤል ሃንስ፡ ብ/ጀነራል ዳኒኤል ብርሃነ (ጨዓይ)፡ ኮነሬል ወልደኣብ ተኽለሰንበት፡ ኮነሬል ወዲ ዲጎል፡ ቅጫ ወዲ ቁማርጂ ወዘተ ዝሓቖፈ ተፈራሒ ሓይሊ'ዩ።

እዚ ጉጅለ'ዚ ኣብዚ መጨረሽታ ዓመታት ፋሕፋሕ ዝበለን ብኢሳይያስ ዝተደየነን'ኳ እንተመሰለ ካብቶም ቀንዲ ተሓላለውትን ተተፋነትንትን ጉጅለታት ምኳኑ ግን ዘጠዘራጥር ኣይመስለንን። ውጩ ብመገዲ ቀዳሞት ሰዓብቱን ኣምለኽቱን ከም በዓል ወዲ ትርፈ፡ ወዲ ትዓረ፡ ወዲ ሓፍሽ ኣዝዩ ገዚፍ ሃብቲ ዘካዕበተ ኣዛዚ'ዩ።

## ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሰ

ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሰ ሓደ ካብቶም ድልዱል ሰረት ሓይሊ ዘለዎም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት'ዩ። ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልካል ኤርትራ፡ ብተወሳኺ ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋን ብማእከል ስልጠና ዝእለያ ብርከት ዝበላ ኮሌጃትን'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ኣብ ማእከል መስልጠኒ ሳዋን እዚ ሓይሊ ኣየርን ብዝርከቡ ላዕለዎትን ማእከለዎን ሓለፍቲ ኣዝዩ ልዑል ኣምልኮት ዘለዎ ተፈራሒ በዓል ስልጣን'ዩ። ብዙሓት ካብ ኣዘዝቲ ማዓስከር ሳዋ ዝኣሰረን ዘደስከለን ዘባረረን ሓላፊ'ዩ። ኣብቲ ብምቁጽጻር ተኽላይ ጸርዩ ዝበሃል መዓስከር ሳዋ ዘሎ ዓቕኑ ዝሓለፎ ብልውሽና እዚ ኢለካ ክትገልጾን ክትዝርዝሮን'ውን ዝኽኣል ኣይኮነን። ብዙሓት መንእሰያት ብፍላይ ድማ ደቂኣነስትዮ ብስም ቦርድን ሚሊተሪ ኣንፈትን ንኽፋነዎ ንወጻኢ ሃገር ናይ ምካድ ደገፍ ወረቐት ክረኽባ ዝኸፈለኦ ገንዘብ ማእለያ የብሉን። እዚ እቲ ቀንዲ ምንጩ ኣታዊ ገንዘብ ዝርከቦ ብሚስጢር ዝዕየ

ስራሕ'ዩ።

ብስም መዓስከር ሳዋ ዝፈሪ ዓበይቲ ናይ መስኖ ጀራዲን ክራማት ብነጻ ጉልበት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሕረስን ዝፈርን ሰፋሕቲ ናይ ሕረሻ መሬት ምእራይ ዕንጨይትን ምፍሓምን ኣብ ውሽጢ መዓስከር ዝተተኸላ ዕሙራት ድኳናትን ናይ መስተ ክለባትን እቶም ልዕሊ መጠን ገንዘብ ዝርከቦም ሕዛእቲ ተኽላይ'ዮም። እዚ ገለ ካብቲ ብዙሕ ሒደት'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስሉስ ዋላ ኣካይድኡ ጥንቐቕን ቁጡብን እንተኾነ ካብቶም ዝሓለፈ ሃብቲ ዝገበሩ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ሓደ'ዩ። ክሳብ ኣብቲ ብኮንትራክተር ሳምሶም ወዲ ቐሺ ዝተሰርሐ ዘመናዊ ህንጻ ሚድያን ሆቴል ኢድ ከምዘለዎ ይንገር 'ዩ። ዘበነ ውጩ ዘበነ ፊሊጶስ ዝመጽእ ግዜ ድማ ዘበነ ተኽላይ 'ዚ 'ቲ ብርቱዕ ንፋስ ዘሸንብቦ ዘሎ ምልኪ ስርዓት ኢሳይያስ ከይፈረሰን ከይተደምሰሰን እንተጸኒሑ ዝሕለም ሕልሚ 'ዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ተኽላይ ስልጣን ሚኒስትሪ ምክልኻል ክምንዝዕ ምኽኑ ብሰፊሑ ክዕለለሉን ክዝረበሉን ጸኒሑ 'ዩ። ዘይተፈሰወ ኣይጨኑን 'ዩ። ኢሳይያስ ናይ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሚኒስትራትን ኣብ ካልእ ጽፍሒ ዝርከቡ ሓላፍነት ዓቢ ምቅይያር ክገብር መደብ ከምዝነበሮን ኣብ ገለ ገለ ከምዝሸገሮን ዝፍለጥ 'ዩ። ምምላስ ፍጹም ክሰርሑ ዘይክእሉ ሰባት ከም በዓል ሙሳ ራብዕ'ውን ርሑይን ርዱእን ጸገማቱ 'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ካብቶም ብኢሳይያስ ተቐባልነት ዘለዎም ዘይጽልኡ ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓደ 'ዩ። በዓል ብ/ጀነራል ኣማኒኤል ሃንጀማ፡ ብ/ጀነራል ኢዮብ ሓሊባይ፡ ብ/ጀነራል ጸሃየ ካሕሳይ (ሂላል).....ወዘተ ዝሓቐፈ ጉጅልኡ'ውን ሓደ ካብቶም ገዚፍ ድርዒ ሓላፍነት ዘለዎ ሓይሊ 'ዩ። እዚ ጉጅለ'ዚ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ፈራሕትን ተተፋነንትን ኣካላት ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይመስለንን።

ንምጥቕላል እቶም ቀንዲ ተተፋነንትን ተሓላለውትን ጉጅለታት እዞም ቀዲምና ዝረኣናዮም 'ዮም። ኣርባዕቲኦም በቶም ግኑን ስም ዘለዎም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝምእከሉን ዝምርሑን እዮም። እዞም ኣርባዕተ ቀዳሞት ተሓላለውቲ ጉጅለታት ከምቲ ቀዲመ ዝበልኩዎ ሓደ ነቲ ካልእ ከማዕዱን ክርእን ኣብ ዘየቛርጽ ናይ ውድድር መድረኽ ዝተጸምዱ እዮም።

ደረት ስልጣኖም ልዕሊ ዝኾነ ሚኒስተርን ኣመሓደርቲ ዞባታት 'ዩ። ብብልሽውና ዝተቐማጥዑ እልቢ ዘይብሉ ሃብቲ ዝወነኑ ዝኾነ ናይ ኦዲት ቁጽጽር ዘይግብረሎም 'ዮም። እዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ኢሳይያስ ብዕሊ ዝፈልጦምን ከህልዉ ዝደልዮምን ሓይሊ 'ዮም። እዚ ይኹን እምበር ካብ ዓይኒ ኢሳይያስ ምስ ዝግለሉ ወይ ካብቲ ንሱ ዝደልዮ ኣካይዳ ምስ ዝወጹ ኣብ ሓደ ለይቲ ከፍርሶምን ክብትኖምን ከም ዝኽእል ዝሰሓት ኣይመስለንን። እቲ ምንታይ ተኣመንቲ ዝበሃሉን ክፍላታ ሰራዊት ከይተረፈ ቀጥታዊ ርክብ ምስ ቤ/ጽ ፕረዚደንት ዘለዎም እዮም።

ስለምንታይ ካብ ቀይድን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ምክልኻል ወጻኢ ከም ተተፋነንትን ተሓላለውትን ጉጅለታት ደው ክብል ክቐጽሉን ተደልዩ ርዱእ ይመስለኒ። ሚስጢር መላኽነት ረጋጽን ኢሳይያስ ዓሚቕ ሰራውር ዘለዎ ሓደገኛ ሽርሒ 'ዩ። ኣብ መንጎ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት ስምረት ሓድነት ምርድዳእ ተደላይ ኣይኮነን። ነቲ ካብ ዝኽፍእ ናብ ዝገደደ ዝኸይድ ዘሎ ኣገባብ ምሕደራ ህግደፍ በዳሂ ናይ ለውጢ ተቓውሞታት ንዘይምልዕዓል ዝተኣልመ ውዲት ምኻኑ ድማ ኀሊሑ ዝረኣይ ናይ ኣደባይ ሚስጢር'ዩ። ብጀካ እዞም ዝተጠቕሱ ኣብ ላዕለዋይ ስልጣን 'ዚ ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝተኾየጡ ንይምሰል ቦታ ሓላፍነት ዝሓዙ ኣብ ዝተደለየ እዋን ብኢሳይያስ ክንድቁን ናብ ቦታ ክምለሱን ዝኽእሉ 'ውን ኣለው።

***ሞት ከናን ንኢሳይያስን ዓንገልቱን!!***

## *ትልሚ ዘርኢ ከርዳድ ኢሳይያስ ሕጂ የብቅዕ።*

## *ሰውርን ቁሉዕን ምትፍናን ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ*

## *ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ከርዳድ ኢሳይያስ'ዩ።*

***ሓምሻይ ክፋል***

እዞምቀጺሎም  ንርእዮም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣዘዝቲ ሰራዊት ኮይኖም ዓሚቅ ዘስፋሕፍሕ ሰረት ሓይሊ ዘይብሎም 'ዮም። ገሊኦም ስልጣኖም ዘይተኣማምን ዝላሕለሐ ወይ ፍጹም ዝተበናጠሰ 'ዩ። ገሊኦም ድማ ኣብ ዝንበርዎ ስልጣን መሪሕነት ዘይለው ዝመስሉ ግን ከኣ ክለዓሉን ክእለዩን ዘይክእሉ 'ዮም። እዞም ላዕለዎት ኣዘዝቲ እዚኦም ኣብ ገለ እዋን ተጸዋዕነቶም እምነቶምን ብኢሳይያስ ኣብ ጥርዚ ጫፍ በጺሑ ዝነበረ ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝሓቖፈን ዘጣመረን 'ዩ። ካብዚኦም እቲ ብቐዳምነት ዝስራዕ ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ኣብ 1987 ኣብ ካልኣይን ሓድነታዊ ጉባኤ ቅያር ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ምስ ተመረጸ ካብ እዚ ብርጌድ ሓደ ደረጃ ዘሊሉ ብቐጥታ ኣዛዚ ክ/ሰራዊት 16 ዝኮነ መራሒ'ዩ። ስጉሚ ስልጣን ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ናብ ኣዚዩ ልዑል ጽፍሕታት ካብ ናይ ዝኾነ ኣዛዚ እቲ ዝቐልጠፈ 'ዩ። ኣብ ገለ እዋን ከም ኣዛዚ ሓይሊ ምድሪ ጸኒሑ'ውን ከም ሓለቃ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብኢሳይያስ ተሾይሙ ዝነበረ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ኣዛዚ ሰራዊት'ዩ። ጠዊል ተጓዳእቲ ዝበሃሉ ባህርያት ዘይብሉ ብሰራዊት ብዙሕ ዘይጽላእ ኣዛዚ'ዩ። ብርግጽ ኣኺሉ ዝተርፍ ሓለፉታት እኳ እንተሃለዎ ከምቶም ሓቆንትን ደሃልትን ዝበሃሉ ኣዘዝቲ ኣይኮነን። ሰረት ሓይሉ ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ኣብዚ ግዜ እዚ ዝተበናጠሰን ዝላሕለሐን 'ዩ። ካብቶም ተሰማዕነቶም ኣብ ኢሳይይስ ባይታ ዘቢጡ ዘሎ ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓደ 'ዩ። ካብቶም ተሰማዕነቶም ኣብ ኢሳይያስ ባይታ ዘቢጡ ዘሎ ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓደ እዩ። እቲ ቀዳማይ ጠንቂ ምስ ምንቅስቃስ ደቂ ሰምሃር ወጊንካ ምስ በዓል ሮሞዳን መሓመድ ኑር ጥቡቕ ዕርክነት ዝምድናን ፈጢርካ ብዝብል ሰበብ 'ዩ። ብርግጽ ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ወዲ ዓዲ ሹማ 'ዩ። ምቕራብን ዝምድና ንምፍጣርን ምስ ገዳይም ተጋደልቲ ከም በዓል ሮሞዳን መሓመድ ኑር ብዓይኒ ኢሳይያስ ወትሩ ከም ሓደገኛታት ዝጥመቱ ከጠርጥሮ ዝኽእል 'ዩ። ኮይኑ ግን ጠዊል ካብቶም ንሽርሓዊ ተግባራት ኢሳይያስ ብዘይ ወዓል ሕደር ዘተግብር ዝነበረ መሳርሒ መጋበርያ 'ዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ጠዊል ብሰንኪ ዝሰዓቦ ሞራላዊ ውድቀት ጭንቅን መዓልታዊ መዘናታቱ ምስ ዘይኮኑ ሰባት ኣብ ተራ ባራት ኣትዩ ክሰክርን ደርገፍገፍ ክብልን ክድገፍን ክትርእዮ ልሙድ 'ዩ። ካንቶም ብዘይ ዝኾነ ሓለዋን ዓጀብትን ዝንቀሳቀሱ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት'ውን ሓደ 'ዩ።

ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ሓደ ካብቲ ተኣማንነቱ ኣብ ኢሳይያስ ከምዘየለን ከም ዝጎደለን ዘርኢ ጭቡጥ ኣብነት ኣብ 2009 ኣብ

ምውጋን ገዛውቱ ዘጋጠም ምትዕንቃፍ ‘ዩ። ዝቕመጠሉ ዘሎ ቪላ ገዛ ናብ ስሙ ከምዘይሰጋገርን ከምዘይውገነሉን ብዕሊ ተነጊርዋ ‘ዩ ጠዊል ከም ኩሎም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ገዛውቲ ዝሰርሑ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣብ ከረን ሰሪሑ’ዩ። ይኹን እምበር ከመይ ዝበለ ገዛውቲ ዝሰርሑ ትሕቲ ትሕቲኡ ግድምና ስልጣንን መዝነትን ማዕርግን ዘለዎም ካብቶም ላዕለዎት ተተፋነንቱ ኣዘዝቲ ሰራዊት ጸግዒ ኣያታት ዝሕዙን መደረብታ ከመይ ዝኣመሰለ ቪላታት ከም ሓለፋ ተገዚሞም ‘ዮም። ገለ ካብዚኦም ኮነሬል ተስፋይ ሞኮነን(ወዲ ሞኬ) ካብቶም ቀንድን ተኣመንትን ስዓብቲ ውጩ ኣብዚ ግዜ እዚ ላዕለዋይ ሓላፊ ፍሉይ ቤት ፈርዲ ዘሎ’ዩ። ከም ካልኣይ ሌ/ኮ ወዲ ሽቃ ናይ 1978 ተጋዳላይ ናይ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሳዋ ምምሕዳር ዘሎ ካብቶም ቀደም ሰዓብትን መጋበርያን ተኽላይ ሃብተስላሴ ዝኾነን ‘ዩ። ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊልን ኮነሬል ተስፋይ ሞኮነን(ወዲ ሞኬን) ኣብ 1995-1996 ብናጻ ኪኢላዊ ጉልበት ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ከተማ ከረን ከመይ ዝበለ ቪላታት ዝሰርሑ’ዮም። ሌ/ኮነሬል ወዲ ሽቃ’ውን ብተመሳሳሊ ነጻ ጉልበት ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ገዛ ሰሪሑ ‘ዩ። እቲ ዝገርም ወዲ ሞኬ ብዘይ ቅድመ ኩነት ካብቲ ንዊሕ ዓመታት ዝተቀመጠሉ ኣብ ከባቢ ሰራቨል ዝነበረ ገዝኡ ወጺኡ ኣብ ከባቢ ሳንታ ኣና ዝሓሸን ዝበለጸን ቪላ ገዛ ተወጊኑሉ’ዩ። ሌ/ኮነሬል ወዲ ሽቃ’ውን ብተመሳሳሊ ናይ 1975 ገዳም ተጋደልቲ ጓል በቃ ሓቢራ ትቕመጠሉ ዝነበረት ኣብ ገዛ ባንዳ ጥልያን ፋብሪካ ልስሉስ መስተ ኣድርያና ዝነበረ በዓል ሓደ ደርቢ ሰፊሕን ብሉጽን ገዛ ብሰማዊ ርካሽ ገንዘብ ካብ ዝወገነሎም ‘ዮም። ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ግን ካብቶም ፍጹም ዝተኸልከሉ ሰባት ሓደ ‘ዩ። እቲ ብሓጎስ ኪሻ ፡ወልዱ ባርያ፡ ተስፋይ ጉራጌ ወዲ ሰኞራ ዝቖመት ኮሚቴ ንጉዳይ ኣቃልቦ ‘ውን ኣይገበረትሉን። እቲ ምንታይ ቂሞታን መግናሕትን ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊኡ ከም ዘሎ ኣዳዕዲዓ ትፈልጥ ጉጅለ ‘ያ። ጠዊል ካብቶም በዚ ጉዳይ ዝተማረሩን ዝባሳጨውን ብዙሓት ሓደ’ዩ። ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ካብቶም ብዙሕ ሃፍቲ ሓፋሽ ህዝቢ ዘሪፎም ተባሂሎም ዝሕመዩ ኣዘዝቲ ኣይኮነን። ብልክዕ’ውን ሩኡይ ሃብትን ዝሓለፈን ዝተጋነነን መነባብሮ ኣይመርሕን ‘ዩ። ዝበዝሕ ህዝቢ ስሙ እምበር ሕማቕን ጽቡቕን ተግባራቱ ኣይፍልጥን’ዩ።

## *ብርጋዴር ጀነራል ተክለ ክፍላይ ማንጁስ፡-*

ብርጋዴር ጀነራል ተኽላይ ክፍላይ ማንጁስ ኣብ 1988 ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝን መስዋእቲ ዓሊ ኢብራሂምን ካብ ኣዛዚ ብርጌድ ሓደ ደረጃ ዘሊሉ ኣዛዚ ክ/ሰራዊት 61 ኮይኑ ብኢሳይያስ ዝተመደበ ሓላፊ’ዩ። ሓፈሻዊ ባህርያቱ ረቂቅ ምስ ሰባት ዘይስማማዕ ዕቡይ መን ከማይ ባሃሊ ዓይነት’ዩ። ብርጋዴር ጀነራል ተክለ ማንጁስ ኣብ ውሽጢ እዚ ዓሰርተው ዓመታት ከም ኣዛዚ ስርሒት ዞባ 01 ምክትታል ዶባት ኮይኑ ‘ዩ ክሰርሕ ጸኒሑ። ኣብዚ ካብ ጫፍ ቃሩራ ክሳብ ከባቢ ኦምሓጀር ሓምዳይት ዝዝርጋሕ ኣማኢት ኪሎሜትራት ምስ ወሰናወሰን ሱዳን ዝዳወብ ቦታ ከም ዝዓበደ ነጊዱን ዘሚቱን’ዩ። ካብ ነጋዶ ብሄረ ራሻይዳ ብስም ኮንትሮባንድ ዝተሓዝን ዝህገርን ዝነበረ ኩቡር ናይ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑት ብሰንኪ ስግረዶብ ናይ ዝተታሕዙ ኣማኢት መንእሰያት ገንዘብ ኣብ ምሕፋዱኡ ዘእተወ ኣዛዚ ሰራዊት’ዩ። ብተወሳኺ ሓደ ካብቶም ምስ ንግዳዊ ትካል ህግደፍ ኮርፐሬሽን ቀይሕ ባሕሪ(09) ብወደብ ባጽዕ ኣትዩ ኣብ ከሰላን ከባቢኡን ብኸባር ብናይ ወጻኢ ሽርፌ ብኮንትሮባንድ ዝሸየጥ ኣሽሕት ኮናትል ሽኮር ከም ላዕለዋይ ወሳኒ ሓላፍን ኣዋሃሃድን ዝነበረ’ዩ። እቲ ኤርትራ ብመግቢ ርእሳ ክኢላ ዝብል መደናገሪ ሓሶት ስርዓት ህግደፍ ንመተግበሪ ካብ ሱዳን ብመገዲ ቦርድ እኽልን ኮርፐሬሽን ቀይሕ ባሕሪ(09) ዝሸመት ማእለያ ዘይብሉ መሽላ’ውን ብምውህሃድ ተክለ ማንጁስ’ዩ ነይሩ።

ኣብዚ ክልተ ዓበይቲ ናይ ኮንትሮባንድ ንግድታት ኣማኢት ኣሽሓት ገንዘብ ከምዝረኸበ ዝሰሓት ኣይመስለንን። እቲ ዝተዓጻጸፈ ኣሽሓት ዶላር ዝተረኽበ ንግዲ ግን ስራሓት ስግረ ዶብ’ዩ። ኣማኢት ርኹባት መንእሰያት ንስደት ሱዳን ዘግዓዘን ዘስገረን ‘ዚ

ብጉልባብ ካልኦት ኣስማት ብርጋዴር ጀነራል ተክለ ማንጁስ'ዩ። እተን ካብ ኣስመራ ብቕጥታ ከይተፈተሻ(ፍሉይ ናይ ይሕለፍ ወረቀት ዝነበረን) ናብ ታላት፡ ዓሸርን ዓሊግድርን ጎልጅን መንእሰያት ዝጓርታ ዝነበራ ዑጹዋት ላንድ ኩሩዘራት ዋንነት እዚ ስርሒት ዞባ 01 እየን። መብዛሕትኡ ገንዘብ ናይዞም ሰባት ድማ ቅድመ ስምምዕ ተገይርሉ ኣብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ንዘለው ቤተሰብ መቕርብን ዝወሃብን ዝላኣኽ ዝነበረ'ዩ።

ሓድሽ መዓስከር ማእከላይ መአዘዚ ቤ/ጽሕፈት ዞባ 01'ዩ። እዚ መዓስከር 'ዚ ኣብ ከባቢ 'ቲ ኣዝዩ ኣስካሕካሒ ሂወት ብዙሓት ንጹሃት መንእሰያት ዘጥፍእ ዘሎ  ቤት ማእሰርቲ ኣዳርሳር ዝርከብ'ዩ። እዚ መዓስከር 'ዚ ዓበይቲ መኻዚኖታት ናይ ኮንትሮባንድ ኣቁሑ ዝኽዝነሉን ዝዋፈረሉን ዝነበረ ሕዛእቲ ተኽለ ማንጁስ'ዩ። ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ማንጁስ ካብቶም ኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ ሃብቲ ኣብ ሓጺር ዓመታት ዘጥረዩን ዝደለቡን ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓደ'ዩ። ልዕሊ ተኽለ ማንጁስ ሃብቲ ኣለዎ ዝበሃል በዓል ስልጣን ወይ ኣዛዚ ሰራዊት  እንተሃለወ መራሒ ስርዓት ህግደፍ ኢሳይያስ ወይ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ሓጎስ ኪሻ ጥራይ'ዮም። ነቲ ዋንነት እንዳ ላጺ ዝኮነ ኣብ ከባቢ ኣጋዱ ሰምበል ዝርከብ ብከይ ኤም (K.M) ዝፍለጥ ዘመናዊ መስተን መግቢን ብመገዲ ኪዳነ ቺና መቅርቡ ዝከፈትወን'ዩ። እዚ ቤት መስተ እዚ ካብቶም ወጋሕ ትበል ለይቲ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሓላፊ ዝተገብረሎም ትካላት ሓደ'ዩ።

ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ማንጁስ ብዓይኑ መራሒ ህግደፍ ኢሳይያስ ካብቶም ጽሉኣትን ዘይፍቱዋትን ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣይኮነን። ካብኣቶም ንሽርሕን ውዲትን ኢሳይያስ ዘተግቡሩ ምእዙዛት መጋበርያ'ውን ሓደ'ዩ። ይኹን 'ምበር ከምቶም ቀዲምና ዝጠቐስናዮም ኣርባዕተ ሓራምዝ ዝዳረግ ሓይልን ጉጅለን ኣይስራዕን። ብዓቢኡ ምንዕዓቕ'ውን ስለ ዘሎ ተስማዕነትን ሓይልን ዘለዎም ህቡባት ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝመለኹን ዝወደቡን ኣዛዚ ኣይኮነን። ኣብዚ መጨረሽታ ዓመት 2010 ካብ መዝነት ስልጣኑ ዝነቓነቐ እኳ እንተመሰለ ብድሌት ኢሳይያስ ኣብ ዝተደለየ ሰዓትን ግዜን ክንደቕን ክስውድን ዝክእል ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ምኳኑ ግን ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

እቲ ኣብ መጨረሽታ ኣዋርሕ 2010 ናብ ሱዳን መሪሕዎ ዝኸደ ወግዓዊ ዘይኮነ ላዕለዋይ ጉጅለ ህግደፍ ንከም በዓል ዓሊ ዓብዱ ዝጠርነፈ ልኡኽ'ውን ሓደ ጭቡጥ ኣብነት'ዩ። ብጀካ እዞም ክልተ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ካልኦት መዘናቶም 'ውን ንይምሰል ቦታ ዝሕዙን ከም መመላእታ ኣብ ስልጣን ዝተኾደሙን ኣለው። እዞም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት እዚኦም ብሕሉፍ ዝና ገድሊ ዝነበሩ ንገለ ነገር መትሓዝን መስበኽን ከም መዕበሲ ኣፍ ኣብ ላዕለዋይ መዝነት ስልጣን ከም መመላእታ ዝተቐመጡ'ዮም። ስራሕን መዝነትን ናይዞም ከም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት  ዝመስሉ ሰበ-ስልጣን ብኣብ ትሕቲኦም ዘለው ምክትላት ዝተባሕተን ዝተመንዘዐን'ዩ። ገበርትን ሓደግትን ቀዳሞት ተጸዋዕትን ኣብቲ ስራሕ ሓለቃ ስታፋት እዮም። እዚኦም ከም ሜጀር ጀነራል ካሪካረ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ከምኡ'ውን ከም ሜጀር ጀነራል ኣሕመድ ከካይ ዝመሳሰሉ 'ዮም። እዞም ኣዘዝቲ እዚኣቶም ከምተተፋነንትን ተሓላለውትን  ሓይሊ'ውን ኣይኮኑን። ዝረኣይ ስራሕን ኣበርክቶን ዘይገበሩን ኣብ ቦታ መዝነቶም ብጭቡጥ ኣለው ዶ የለውን ዘይፍለጡ ኢሳይያስ ኣብ ዝጸውዖ ስሉሳዊ ኣኼባታት በዓላትን ጥራይ ከም ፈውሲ ዓይነት ዝረኣዩ። ኣብ ዝዓመረ ጓይላ ኢሳይስ ዘጣቁዑ ኣዘዝቲ 'ዮም።

ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ሓደ ካብቶም ኪኢልዊ ዓቕሙ ብፍጹም በሪሱ ናብ ምንዳፍ ዝተቖራረበ ትካላት ሓይልታት ምክልካል'ዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተው ዓመታት ብዙሓት ካብ ሙኩራትን ገዳይም ኣባላቱ ልዕሊ ደርዘን ዝኮና ፈጣናት ጀላቡ ብምሓዝ ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ሰሊሞም ኢዶም ሂቦም እዮም። ካብዚ እቲ ብፍሉይ ዝጥቀስ ስርሒት ኣባ ባሪጠ ዝነበረ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ'ዩ። እዚ ዝተወደበን ዝተወሃሃደን ስርሒት ንስርዓት ኢሳይያስ ካብቶም ቀንዲ ዘሕመሙዎን መንጸሮር ዝኮንዎን

ሓደ’ዩ። ኣብ ግዚኡን ስዓቱን ኣብ ነጻ ማዕከናት ዜና ተቓሊሑ ይኸውን’ዩ እዚ ስርሒት’ዚ ጠንቂ ምፍርስ ሓይሊ ባሕሪ’ኮይኑ ‘ዩ። ‘ቲ ካብ ዘበነ ገድሊ ኣትሒዙ እናተነደቀ ዝመጸ ሓይሊ ባሕርን ድሕሪ ምውላዕ ኲናት ኢትዮ-ኤርትራ ብፍሉይ ኣቃውማ ዝተሃነጸ ሓደ ቦጦሎኒ ማሪን ኮማንዶን ኣብ መጨረሽታ ኣዋርሕ 2004 ፈሪሱ ኣባ ኣጋር ሰራዊት ፋሕ ብትን ክምዝብል ኮይኑ’ዩ። ከም መተካእታ ድማ ሓደስቲ ካብ ኣባላት ሰራዊት ፍሉይ ሓይልትት ካልኦት ከምዝቐውም ተገይሩ’ዩ።

ጠንቂ እዚ ኩሉ ክሳራ እቲ ዘይቁርዑይ ምሕደራ ኢሳይያስ ኣንጺሩ ዝተላዓለ ተቓውሞን ምኺኑ ብሩህ ይመስለኒ። ሜጀር ጀነራል ካሪካረ ኣብ ህዝቢ ዝምረረሉ ወይ’ውን ብዝተፈላለየ ናይ ኣነባብራ ምቾት ዝሕመየሉን ነገራት የለን። ዝበዝሐ ጊዚኡ ጫት ኣብ ምቕሓም ዘሕልፎ ኣዛዚ’ዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ከም ሓለቃ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኮይኑ ንቦትኡ ተኪኡ ዝሰርሕ ዘሎ ኣዛዚ ክ/ሰራዊት 525 ነበር ብርጋዴር ጀነራል ፍጹም ገ/ሂወት (ወዲ መምህር) ‘ዩ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ልኡማት ኣዘዝቲ ዝተባሃሎም ብዘይ ሕቶን ሪኢቶን ዘተግብሩ መጋበርያ ብዓይኒ ኢሳይያስ ስለዘይጽልኡ ስማዊ ቦታ ሒዞም ኣብ ሓላፍነቶም ክጸንሑ ብዙሕ ዘጸግም ኣይኮነን።

ካብዞም ብተኸታታሊ ዝረኣናዮም ኣዝዮም ዝተፈልዩ ገዚፍ ስልጣን መንግስቲ ዝበሓቱ ተፈራህቲ ከም ገበርትን ሓደግትን ዝፍለጡ ባህርያት ምልመላን ኢሳይያስ ኣብ ቦታ ሓላፍነት ዝተሰኩዑ ወገናት’ውን ኣለው እዞም ንምልኪ ዙፍን ኢሳይያስ ብዓይኒ መርፍእ ዝከታተሉን ዝሕልውን ከም ቤ/ጽሕፈት ፕረዚደንት ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ህግደፍን ሃገራዊ ድሕነትን ቀጥታ ርክብን ዕርክነትን ዘለዎም ውልቀ ሰባት እዮም።

ቅድሚ ነቲ ጥርኑፍን ዝተወደበን ነገር ምርኣይና ናብቶም ቀዳሞት ኣዕሩኽ ኢሳይያስ ዝኮኑ ኮነሬል ወልዱ ባርያ፡ ተስፉት ጉራጌን ሒዞሞ ዘለው ስልጣንን መዝነትን ብሓጺሩ ምርኣይ ዝበለጸ ‘ዩ።

ስልጣን እዞም ክልተ ሰባት ካብ ሕድሕድ ዝሰናነፍ ኣይኮነን። ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ገቢቶም ሒዞሞ ዘለው ስራሕ ኣብ ገለ ገለ እዋናት ክትሰምዖ ዘደንጹውን ‘ዩ። ብኡ መጠን ተሰማዕነትን ሓይልን ዘለዎ ዓቢ ጉጅለ ንሕማቕ ተግባራቶም ሽፊኑ ጽቡቕ ናቶም ጥራይ ዘውሪ ኣለዎም። እዞም ክልተ ሰበ-ስልጣን ካብቶም ቃሕ ዝበሎም ስጉምቲ ካብ ስራሕ ዘባርሩ ዘደስክሉ ዝኣሰሩ ግዜ ኢሳይያስ ዝፈጠሮም መጋበርይ እከይ ሓለፍቲ እዮም።

ተስፉይ ጉራጌ ሓላፊ ሰገን ኮንስትራክሽ ኣብ ትሕቲ ሰገን ዝእለያ ካልኦት ዓበይቲ ናይ ህንጻ ትካላት‘ዩ። ከም በዓል ገደም ሮድስ ብድሆ ደብዓት.... ወዘተ ዝበሃላ ዓበይትን ዘመናው ማሽነርታት ዘውንና ትካላት ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ እየን። ኩለን ነቲ ገዚፍ ስራሕ ከፋፊልካ ንምምሕዳሩ ብሰገን ኮንስትራክሽ ዝተነደቓን ዝተሃንደሳን ንኡሳት ትካላት እየን። ብጀካ ‘ዚ ከም ፋብሪካ ውጺኢት ባጽዕ፡ ውጽኢት ዕንጸይቲ ሰምበል ወዘተ ዝኣመሰላ ክሳብ ንደገ ኤክስፖርት ዝገብራ ልዑል ምንጪ ኣታዊ ገንዘብ ዝርከበን ትካላት ህግደፍ 1ይ ተጸዋዕንትን ተሓታትነትን’ዩ።

ብዘይካ እዙይ ተስፉይ ጉራጌ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ይኩን ከባቢ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን መሬት፡ መሬት መንግስቲ’ዩ ብምባል ብትካል ሰገንን ካልኦት ተተካእትን ተመሳሰልትን ናይ ህንጻ ኮንስትራክሽናት ተሰሪሑ ዳግማዊ ኣብ ኣዝዩ ክቡር ዋጋ ናብ ገንዘብ ዘለዎም ሃፍታማት ዝሸየጥ ዘሎ ገዛውቲ ሓደ ካብቲ ምንጬ ናይ ወጻኢ ገንዘብ ኣታዊነት ‘ዩ። ብጀካ’ዚ ግዙፍ ትካል ህግደፍ ካልእ ንዕኡ ተጫሪቱን ተወዳዲሩን ኣብ ዓበይቲ ንግዳዊ ስራሓቲ ኢዱ ዝመልስ ወይ’ውን ገዛውቲ ዝሰርሕ ኣካል የለን። እዚ ስነ-ሓሳብ ኢሳይያስ ዘይቕበሎ ሕጊ ህግደፍ ዘየፍቕዶ ጉዳይ ‘ዩ። ተስፉይ ጉራጌ ካብቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ምውጋንን ምዕዳልን

ገዛውቲ መንግስቲ 'ዩ። ገንዘብን ሃብትን ካብ ዝደለቡ እሙናት ሰዓብቲ ኢሳይያስ ሓደ 'ዩ።

ወልዱ ባርያ ካብቶም ኣብዚ ስርዓት 'ዚ ቀዳሞት ኣዕሩኽቲ ኢሳይያስ ሓደ 'ዩ። ብቀዳምነት ላዕለዋይ ሓላፊ መጓዓዝያን ጋራጅ መንግስትን 'ዩ። ብምልኡ 'ቲ ብስርዓት ህግደፍ ዝውነን ናይ መጓዓዝያ ትካል ቀዳማይ ተጸዋዕነት ተሓታትነት 'ዩ። ነተን ቁጽሪ ታርጋ ሚኒስትሪ ምክልካልን ኣብ ገለ ገለ እዋን ድማ ኮድ 3 ቀይረን ካብ ዓሻ ጎልጎል ዝዋፈራ ዓበይቲ መካይን ዝቖጻጸር'ውን ንሱ'ዩ። እዘን ዓበይቲ ዘመናውያን መካይን ብጀካ ኣብ ገለ ገለ ንኣገዳሲ ጉዳይ ስራሕቲ ሚኒስትሪ ምክልካል ዝዓያን ዝነጥፋን ኣይኮንን። ብተወሳኺ ሓላፊ ትራክ ኤፍ (TRAKF)ን ኩሉ መንግስታዊ ጋራጃትን'ዩ። ካብ ወጻኢ ሃገር ንዝምጽእ ማእለያ ዘይብሉ መቀያየሪ መኪና ስፔር ፓርት ንብሙሉእን ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ዝውነና ማእለያ ዘይብለን ተሸከርከርቲ ቀረብ ነዳዲ ዝከታተል ዘፍቕድ ዝኽልክል በዓል ስልጣን'ዩ። ኣብዚ ዝሓላፈ መጨረሽታ ክልተ ዓመታት 'ውን ብደረጃ ሃገር ንመዝነት ኮርፖሬሽን ነዳዲ ኤርትራ መንዚዑ ላዕለዋይ ሓላፍን ተቆጻጻርን ኣብ ትሕቲ ሓጎስ ኪሻ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። በጀካ'ዚ ክትስከሞ ዘይትኽእል ምደረብታ ዓበይቲ ሓላፍነት'ውን ኣለዎ። ኣብ ልዕሊ ኣፈወርቂ ላዕለዋይ ሓላፍን ኣዋሃሃድን ወደብ ባጽዕ'ዩ። ኣብ መፋርቅ 2009'ውን ነቲ ካብ እዚ ስርሒት 04 ናብ ብ/ጽ ሃገራዊ ልምዕት ተሰጋጊሩ ዝነበረ ኣዝዩ ሰፊሕ ናይ ትራንስፖርት ኩባንያ ሓራት ኣብ ትሕቲ እዚ ቁጽጽር ኮይኑ'ዩ። እዚ ካብቲ ብዙሕ እቲ ፈፋሩያቱ'ያ። ክንድዚ ዝኣክል ደረት ዝሰኣነ ሓልፍነት ኢሳይያስ ንሓደ ሰብ ክህቦ ክሳብ ክንደይ ተኣማንን የማናይ ኢድ ናይቲ መላኺ ሰብ ምዃኑ ዘረጋግጽ'ዩ። ገለ ካብቲ ሕሉፍ ዕንደራን ሓይሊ ስልጣኑን ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ መጀመርያ ኣዋርሕ 2009 ብሰንኪ ምውጋን ገዛውቲ መንግስቲ ነበር ብኣዝዩ ሕሱር ስማዊ ዋጋ ብዙሓት ገዳይምን ሓላፍትን ተጋደልቲ ኣብ ስሚዒት ኣትዮም ተተፋኒኖም እዮም። ወልዱ ባርይ ሓደ ካብቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ምውጋን ገዛውቲ'ዩ። ደስ ዝበሎ ገዛ ንዕኡ ክወስድ ንባህ ዝበሎን ዝመስሎን ክዕድል ድማ ዝዓግቶ ኣካል ይለን። ነዚ ነገር እዚ ዘይፈልጡን ዘየርድኡን ብሃውሪ ዝኸዱ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ተጋደልትን'ውን ኣይተስኣኑን።

ኮለኔል ወዲ ሃይለ ንዝነበሮ መንበሪ ገዛ ገዲፉ ነቲ ብባህጊ ዝተሰርሐ ውቁቡን ግሩምን ቪላ እንዳ ተረቀ በዓል ወርቂ ኣትዮጵዝያዊ ክወርስ'ዩ መሪጹ። ብዘይ ወዓል ሕደር ካልኦት ከይተቀደምዎ ብኢደ ዋኒኑ ብምክፋት ልዕሊ ሓደ ጋንታ ዝኮኑ ካብ ኣባላት ሰራዊት ኣምጺኡ ክጸራርዩን ገለ ገለ ንእሽተ ነገራት ከዐርዩን'ዩ ፈቲኑ። እቲ ዝገርም በዓል ገበታ ስልጣን ኮነሬል ወልዱ ባርያ ንክስፍሮ ኣብ ዓይኒ ዝኣተወ ቪላ ድማ ንሱ'ዩ። እቲ ጉዳይ እዝኒ ወልዱ ባርያ ምስተሰምዐ ዝወሰዶ ስግምቲ ንድርዒ ሓይሊ ስልጣኑ ዘርኢ ብጭቡጥ ዘእምን ተግባር'ዩ። ካብ ትራክ ኤፍ ረሸረሽ ዝጸዓና ቶዮታ ብምሓዝ ነቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሓንቲ ዘይፈልጡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ እስር ቤት ከም ዝዳጎኑ'ዩ ገይሩ። ስለምንታይ ኢሉ ዝዛረብን ዝሓትትን ኣካል'ውን ኣይተረኽበን። ብጣዕሚ ዘደንጹ ናይ በሃማት ስራሕ'ዩ። ደም ርሂጹ ዘጥረዮ ህዝብን ዓለምን ዝፈልጦ ዋናን ሓታትን ምስክር ዘለዎ ገዛ ክትወስድን ክትምንዝዕን ዝከኣል ኣይኮነን። ምናልባት ምስኪን ስልጣን መጋገይ ስለዝኮነ ንግዚኡ ዝተወሰነ ሓጎስን ደስታን ይፈጥር ይኸውን። እናሓደረ ዝኩርኩሕ ዘይንቀል ግራጭ ኣብ ዘለዎ ስፍራ ዘለኻ ግን ዝሰሓት ኣይመስለናን።

ወልዱ ባርያ'ውን ዲሒሩ ለባም መኻሪ ዝረኸበ ይምስለኒ። ኣምሳያ እቲ ውቁብ ቪላ እንዳ ታረቀ በዓል ወርቂ ካልእ ሓታትን ሞጎትን ዘይብሉ ገዛ መንግስቱ 'ዩ ወሲዱ። በዚ ጉዳይ 'ዚ ዝተጸልወ ካልኦት ሓለፍቲ'ውን ነይሮም እዮም።

ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶም ዓፋን ሓደ ካብኦም 'ዩ። ዓፋን ነቲ ኣብ ከባቢ ሲነማ ኣድዮን ዝርከብ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሜትሮ ካድሮ ቦታ ዘለዎ ብውሕሉል ኣገባብ ዝተሰርሐ ቪላ ካብ ሓንቲ ወናኒት እቲ ገዛ ዝነበረት ጥልያን ናብ ነዊሕ እዋን ዘገልገለታ

ሰራሕተኛኣ ብሂያብ ዝተዋህባ ገዛ ስልጣኑ ብምጥቃም'ዩ መንዚዕዋ። ማእለያ ዘይብሉ ወጻኢታት ብምግባር ንኸባቢ ኣርባዕተ ዓመታት ብሓይሉ ዝነበረሉ ገዛ'ዩ ኣብ መጨረሽታ ግን ከም ወልዱ ባርያ ሕሹኽ ዝበልዎ ወራዙት ኣይተሳኣኑን። ኣምሳያኡ ካብ ሰለስተ ሚኢቲ ሜትሮ ካድሮ ዘይገፍሕ ቪላ ገዛ ኣብ ቲራቮላ 'ዩ ወሲዱ። ወልዱ ካብቶም ሃብቲ ዝደለቡ በዓል ስልጣን 'ዩ።

***ኣለና ብውሽጢ***

## ***ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ሕጂ የብቅዕ።***

## ***ሰውርን ቁሉዕን ምትፍናን ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ***

## ***ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ'ዩ።***

***ሻድሻይ ከፋል***

### ***ቤ/ጽሕፈት ፕረዚደንት***

እዚ ጉጅለ ዚ ካብቶም ዓይኒ እዝኒ ኢሳይያስ ዝኮኑ ተኣመንቲ ልዕሊ ዓቀን ተፈራህቲ ሰበ-ስልጣን ዝሓቆፈ 'ዩ። ኩሉ እቲ ናይ ሽርሕን ክፍኣተ ግብርን መሓወራት ኢሳይያስ በዚ ጉጅለ 'ዚ 'ዩ ዝውደንን ዝምእዘንን። ነፍሲ ወከፍ ነቶም ቀዲምና ዝራኣናዮምን ድሒርና ንርእዮም ብደቂቅ መዓልታዊ ረብሓታቶም ዝከታተል'ውን'ዩ።

እዚ ጉጅለ'ዚ ካብቶም መዓልታዊ ቀጥታዊ ርክብ ምስ ኢሳይያስ ዘለዎን ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት 'ውን ንኢሳይያስ ተኪኡ ስጉምታት ዝወስድ ኣካል'ዩ። ኣብዚ ሓደገኛ ጉጅለ'ዚ እቶም ላዕለዋይ ኢድ ዘለዎም ተኣመንቲ መጋበርያ የማነ ገ/መስቀል (ቻርሊን) ተሰፋልደት 'ዮም።የማነ ቻርሊ ናይ ሚኒስተር መዝነት ሒዙ ካብቶም ካብ ኢሳይያስ ዘይፍለዩ ቀዳማይ ኣማካሪ'ዩ። ስልጣንን መዝነትን ተሰፋልደት'ውን ልዕሊ ሚኒስተራት እንተዘይኮይኑ ካብኡ ዝሰንፍ ኣይኮነን።

ተሰፋልደት  ኣብ ልዕሊ እቶም ፍሉጣት ሓለፍቲ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃ ካሳን ስምኦን ገብረድንግልን ብኢሳይያስ ተሓርዩ ዝተቐመጡ'ዩ። ነዞም ዓበይቲ ዝመስሉ ሰበ-ስልጣናት ዝእዝዝን መምርሒታት ስራሕ ዝህብን ኣካል'ዩ። እቶም ካብዚ ዝበገሱ ዓበይቲ ቅንጸላትትን ዓፈናታትን'ውን ብኢሳይያስ ምሕደርኡን'ዩ።

በዚ ቤ/ጽ ፕረዚደንት ዝእለዩን ቀጥታ ርክቦም ተሰፋልደት ምስ ዝመርሖም ካልኣት ንኡሳት ሓለፍቲ ዝራኸቡ ፈጸምቲ ግብረ እከያት ኣዝዮም ብዙሓት'ዮም። ካብ ናይ ጠለፋ ስራሕ ጀሚርካ ክሳብ እቲ ዝኸበደ ናይ ሞትን ቅንጸላን ስጉምቲ ስራሕን ተግባርን እቲ ክፍሊ'ዩ። ናይ ነፍሲ ወከፍ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ሚኒስተራት ኣመሓደርቲ  ዞባታት ካልኣት ተጠመትን ተደለይትን ሰባት ስግኣት እዚ ሓደገኛ ናይ ሽርሒ ቤ/ጽ'ዩ። ካብቶም ልዑል ወጻኢታትን ከበድትን ሓላፍነታትን ዘለዎም ሰባት'ዮም።

### ***ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ህግደፍ***

እዞም ሳባት እዚኦም ብቐጠታ ብሕርያ ኢሳይያስ ዝመጹ መንበሪ ስልጣን ምልኪ ህግደፍ ዝጨበጡን ዝተቆጻጸሩን 'ዮም። እዞም

ጉጅለ እዚኦም ነፍሲ ወከፎም ምስ ኢሳይያስ ዘራኽቦም ንናይ ውልቆም መስምርን ተልእኮን ስራሕን እኳ እንተሃለዎም ኣንጻር እቶም ካሎኦት ተተፋነንትን ተሓላለውትን ጉጅለታት ግን ነቓዕ ዘይብሎም ዝስመሩ 'ዮም። እዞም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ጽግዕተኛን ተደናገጽትን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ካልኦት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣይኮኑን። ብደረጃ ትምህርቶም ፖለቲካዊ ኣፍልጦኦምን ዝለዓሉን ዝሓሹን እዮም። ዝበዝሓ ስራሕቶም'ውን ኣብ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን መዳያት ምስ ሃገራት ዓለም ክሳብ ክንደይ ረጽሚ ፈጢሩ ተነጽሎታት ተኸቲሉ ብዝግባእ ዝፈልጡ'ዮም። ብጀካ 'ዚ ግዕዙይ ምሕደራ 'ቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣውሪዱ ዘሎ ብቀሊል ዘይፍወስ ሕማም ምትፍናንን ዘይምትእምማንን ሳዕቤናቱ ብግቡእ ዝርዳእ ኣካል 'ዩ።ይኹን 'ምበር ንድሌት ኢሳይያስ ዝተምበርከኸ ብስነ-ሓሳብ ኢሳይያስ ዝተቓነየ ጉጅለ ስለዝኾነ እዚ ጉዳይ'ዚ ዋላ ሓሊፍዎ ይቶኮስ ኣይንታዩን'ዩ።

ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ናይ ኩሉ ዝዋፈር ፖለቲካዊ ሽርሕታት መፈልፈሊ ዓይኒ ምዃኑ ዝሰሓት ኣይመስለንን። 'ዚ ቤ/ጽ'ዚ ማእለያ ዘይብሎም ካድራት እቲ ግንባርን ካልኦት መሳሰይቲ ዕሱባት ዝሓቖፈ ኣዝዩ ሰፊሕ ትካል'ዩ። ብጀካ'ዚ ኣዝዩ ከቢድ ወጻኢ ብምፍሳስ ሰላም ካልኦት ሃገራት ንምዝራግ ዘይነበረ ምንቅስቓስ ዝፈጥር ንናኣሽቱ ነገራት ዘዕቢ'ዩ። ህዝቢ ኣብ ዓሚቕ ድኽነት ተሸሚሙ ጉልባቡ ቀሊዑ ናብ ስደትን ልመናን እናተዋፈረ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ናይ ዘለው ተቓወምቲ ጎረባብቲ ሃገራት ዝወጻ ኣማኢት ሚሊዮናት ዶላራት እንተዝንገር ዝኣምን'ውን ኣይምተረኽበን። እቲ ምንታይ ኣዝዩ ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኮነ። ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ነቲ ብስም ነጻ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ብዝብል ዝተጠርነፈ መጋበርያ 'ቲ ስርዓት ዝኮነ ከም ማሕበር መንእሰያት፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት ፡ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮን ዝኣመሰሉ ሰፊሕ ውዳብ ዘለዎም ኣካላት **<u>ብኣልያን</u>** ድለላን ዘማሓድር'ዩ። ትዕበ ትንኣስ እዞም ማሕበራት እዚኣቶም ዘካይድዎ ስራሕት ማእከላት ቤ/ጽ ህግደፍ ዘይፈልጦ የለን። 'ዚ ጉጅለ'ዚ ዋላ'ኳ ብረት ዝዓጠቐ ሓይሊ ኣይኩን ካብቶም ተፈራህትን ተጠመትን ዝኾኑ ኣካላት ሓደ'ዩ።

ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ በቶም ኣርባዕተ ከም የማናይ ኢድን መጋበርያን ኢሳይያስ ዝኮኑ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን እቲ ግምባር ተከፋፊሉ ዝምራሕ 'ዩ። እዞም ኣርባዕተ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን እቲ ግንባር ንባዕሎም ኣብ መንበረ ዙፋን ምልኪ ኢሳይያስ ብደረጃ ተኣማንነቶምን ናይ ስራሕ ባይትኦም ሓደ ካብቲ ካልእ ዕብይን ንእስን ዝበሉ 'ዮም። ብጀካ እዞም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን እዚኣቶም ሓላፍነት እቲ ግንባር ዝተሰከሙ ልዕሊ ኣምባሳደራት ዝስርዑ 'ዮም።

ዓበይቲ ኣካየድቲ ካድረታት ዝሓቖፈ'ውን 'ዩ። ኣብ ትሕቲ እዞም ላዕለዎት ኣካላት ብቐጥታ ምልመላ ዝመጹን ዝዓበዩን ተኣመንቲ ታሕተዎት ካድረታት ሰዓብትን'ውን ኣለውዎም። ካብዞም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን እቲ ግንባር እቲ ብቕዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ሓጎስ ኪሻ 'ዩ።

ሓጎስ ገ/ሂወት ኪሻ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት እሙናት ዓርኪ ኢሳይያስን መማኽርቱን 'ዩ። ኪሻ ላዕለዋይ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ሓለፍቲ ዝምራሕ ትካላት ላዕለዋይ ኣካይድን በዓል ስልጣንን'ዩ። ህግደፍ ወይ ኢሳይያስ እንታይ ዓይነት ወፍሪ ኣለዎ? ክንደይ ዝኣክል ሚሊዮናት ዶላራት ሃብቲ ህዝቢ ተመንዚዑን ተዘሪፉን? ኣብ ዘይኸውን ነገራት ባኪኑን? ዝፈልጥ ሓደ ንሱ መማኽርቲ ኢሳይያስ 'ዩ። ከም ውልቀ ባህሩ ኩሩዕ ሃንደፍ ኢሉ ኣብ ዝኮነ ዘይኣቱ ርጉእ ኮይኑ ኣብ ዝኮነ ቁሉዕ ህዝባዊ ዝኮነ ቦታታት ዘይኣቱን ዘይርከብን'ዩ። ካብ ዘበነ ገድሊ ኣትሒዙ ከም ወኪል ህግደፍ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብር ዝነበረ ኮይኑ ኣብ ከባቢ 1986 ዝተዋጽአ ገንዘብ ሓፋሽ ውድባት ኣጠፋፊኡካ ተባሂሉ ገና ብግስ ከይበለ ዝኽሰስ ዝነበረ ሰብ'ዩ። እቲ ዝገርም'ቲ ልክዕ ሓቂ'ዚ ክንሱ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ 'ቲ ግንባር ከም ማእከላይ ሽማግለ ኮይኑ ምምራጹ'ዩ። ዝኮነ ተጋዳላይ ንሓጎስ ገ/ሂወት ኪሻ

ልዑል ኣበረኩቶ እጃምን ከም ዝገበሩ ኣባላት ‘ቲ ግንባር ኣይፈልጠን’ዩ። ‘ቲ ውዲታዊ ሽርሒ ኢሳይያስ እንታይ ምዃኑ ንማንም ዝሰወሮ ዝጠፍኦን ኣይመስለንን። ሓጎስ ኪሻ ካብቶም ኣኪሉ ዝፈሰሰ ሃብቲ ዝውንኑ ሰበ-ስልጣን’ዩ።

እቲ ብካልኣይ ዝሰራዕ ላዕለዋይ ሓላፊ ህግደፍ የማነ ገብረኣብ ማንኪ’ዩ። የማነ ማንኪ ካብቶም ንጸሊም ጻዕዳ ኢሎም ዘእምኑ ብዓውዲ ጆርናሊዝም ዝተመረቀ ቀዳማይ ተሓላቅን መጋበርያ ኢሳይያስን ‘ዩ። የማነ ማንኪ ዋላ’ኳ ካብቶም መስረቲ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣይኹን ነዊሕ ዓመታት ኣብ ክፍሊ ዜና ከም ሓላፊ ዴስክ ትግርኛ ኮይኑ ዝሰርሐ ‘ዩ። ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ህግደፍ ኣብ 1987 ካብ ትጽቢት ብዙሓት ገዳይም ተጋደልትን ሓላፍነት ብውዲት ኢሳይያስ ኣባል ማእኸላይ ሽማግለ ኮይኑ ዝተመረጸ’ዩ።

ድሕሪ ናጽነት ‘ውን ካብቶም ብቓዳ ላዕላይ ስልጣን ህግደፍ ዝመንዘዐን ዝጨበጠን በዓል ስልጣን ‘ዩ። የማነ ማንኪ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዘሎ ደገፍ ህዝብን ተኣማንነትን ንምፍዋስ ተኣመንቲ ተረኪብቲ ሕድርን ስልጣንን ብዝብል ብስም መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዙሓት መሳሰይቲ እቲ ስርዓት ዝኾኑ ካድረታት ዝመልመለ’ዩ። ማንኪ ከም ዝኮነ ተራ በዓል ስልጣን ዝነብር ዝፍለጥ ሃፍቲ ዘይብሉ ስውርን ሚስጥራውን በዓል ስልጣን ‘ዩ። ኣብ ዝኮነ ቅሉዕ ቦታ ክትረኽቦ ዘይከኣል ሓደገኛታት ካብ ዝበሃሉ ሰዓብትን ኣምለኽትን ኢሳይያስ ሓደ’ዩ። የማነ ማንኪ ምስ ነፍሲ ወከፍ ኣምባሳደር ቆንስል ካልኦት ወከልቲ ልኡካትን ብመገዱ ቤ/ጽ ፕረዚደንት ዝእለዩን ዝምእከሉን ኣባላት መንእሰያት ህግደፍ ዘቑምጥን ዝሰረዐን’ዩ። መዓልታዊ ደቂቕ ምንቅስቃስ ናይዞም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጡ ሰበ-ስልጣናት  ህግደፍ ዝከታተሉን ሓበሬታ ዝልእኩን ‘ውን ንሶም ‘ዮም። ኩሎም ኣምባሳደራት ይኩኑ ቆንስላታት ካብ ቁጽጽር ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ‘ዮም ብመገዲ ወጻኢ ጉዳያት ህግደፍ ኣብርሀት ዓል ፋኖ ዝኸዶም ሓበሬታን መምርሒ ስራሕን ኣዝዩ ብዙሕ’ዩ። ብጀካ’ዚ ብቐጥታ ቤ/ጽ ፕረዚደንት በዞም ላዕለዎት መራሕቲ ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ተማእኪሎም ተቀይዶምን ዝኽዱ’ዮም። ካብ ማእኸላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ብፍላይ ምስ ህዝቢ ኣብ ዘራኽቡ በዓላት ኣኼባታት ወዘተ ብመገዲ የማነ ማንኪን ዘምህረት የውሃንስን ተጸሒፎም ዝለኣኩ ቃል እቲ ውድብን ስራሕቲ’ቲ መንግስቲ’ዮም ዝንበቡ። ኣብዚ ጽሑፍ ‘ዚ ከተጉድል ይኩን ክትምልእ ዝከኣል ‘ውን ኣይኮነን። ተኣማንነት ድርዒ ሓይሊ ስልጣንን የማነ ማንኪን ንምርኣይ ሓደ ካብ ዝፈጸሞ ዘሕዝን ተግባራት ምጥቃስ ኣገዳሲ’ዩ።

ኣብ ዓመተ 2008 ኣብ ቤት መግቢ ግደይ ሳንታ ኣንተንዩ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤክስፖ’ዩ። ግደይ ሳንታ ኣንተንዩ ዝበዝሑ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ዝፈልጥዋ መሓዛ ህግደፍ ‘ያ። ብዙሕ እዋን ኣብቲ ንሳ ትውንኖ ቤት መግቢ ዝኣትው ዝወጹን’ውን ንሳቶምን የዕርኮምን ‘ዮም። ከሳብ ምዕጻው ሓዘን ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ‘ቲ ዘንፈልፈል ዝብል ጻዕዳ ጣፍ ተሰንኪቱ ዝመጸሉ ዝነበረ ገዛን ጸብሒ ዝሰርሓ ዝነበራ ወሓሎ ከሸንትን ናይ ግደይ እየን። ኩሉ ግዜ ካብ ገዛ ሰበ-ሰልጣን መንግስቲ ኣይርሕቁን’ዮም። ኣብቲ እዋን ‘ቲ’ውን ከም ገዲም ተጋዳላይ ሮሞዳን መሓመድ ኑር፡ጣህር ባዱሪ፡ሳልሕ ናውድ፡ሰመረ ርእሶም ምስ በዓልቲ ቤቱ ዓል መሰረት ወዘተ ዝኣመሰሉ ተኣንገድቲ ሰባት ነይሮም ‘ዮም። የማነ ማንኪ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብቲ ገዛ ምስ ኣተወ ሮሞዳን ከጻወሮን ክወሓጠሉን ኣይከኣለን። ቁሩብ ናይ መስተ ነገራት ተሓዊስዎ ክኸውን ይኽእል ‘ዩ። ሮሞዳን  እቲ ልክዕ ኣብ ልቡ ዘሎ ከይሓብአ ‘ዩ ንየማነ ደርጊሑሉ።

“ብቕልጽም ጀጋኑ ዝመጸ ናጽነት በዓል ንስኻ መላገጺ ጌርኩሞ። ንስካ መን ኢኻ? ህግደፍ ዘይትፈልጦን  ዘይፈልጠካን ታሪኽ ዘይብልካ ሰብ ኢኻ። እዚ ኩሉ ዝገብር  ዘሎ ግን ንሱ ‘ዩ ኢሳይያስ ማለቱ ‘ዩ። ንፉዕ እዩ ጅጋኑ’ዩ ብምባል ባዕልና ኣብ ህዝብን ተጋደልትን ሰቢኽና ከም ዝፍቶ ዝገብርናዮ ተገምጢሉ መጻወትን መላገጽን ናትኩም ገይሩና” ክብል ነዲሩ ‘ዩ ዘሊፍዎ። የማነ ማንኪ ዝኮነ ዘረባ ኣይተንፈሰን እንተኮነ ግን ፍጹም ዘይትጽበዩ ኣዝዩ ዘሕዝን ተግባር ኣብ ልዕሊ ሮሞዳን መሓመድ ኑር ፈጺሙ’ዩ። ኣብ ገጽ ቀሪቡ ዓኺ ጡፍ ብምባል ጸፊዕዎ’ዩ። ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ከም በዓል ተመስገን

ተግባራት  የማነ ማንኪ ኣሰንቢድዎም’ዩ። እዚ ቁሉዕ ኣደባባይ ዝወጸ ሚስጥር ብዙሓት ዝፈልጥዎ’ዩ። ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ሰበ-ስልጣን ይኹኑ ካልኦት ንየማነ ማንኪ ክግስጽዎ ይኩን ክትንክፍዎ ኣይከኣሉን። እቲ ምንታይሲ ሮሞዳን ናይቲ ብማዕዶ ዝፈርህዎ ሰይጣን ስም ስለዝጸወዐ ክትስእ ዝደፈረ’ውን ኣይነበረን። መማጽእቱ ኣኸቲሉ መኪንኡ ኣልዒሉ ብኡ ንብኡ’ዩ ከይዱ። ካብቲ ግዜ’ቲ ገዲም ተጋዳላይ ሮሞዳን መሓመድ ኑር ምስ ኢሳይያስ ዝነበሮ ዝምድና’ውን በቲኩ ‘ዩ። ኣብ ዝኮነ በዓልን መመረቕታን ካሊእ ናይ ኣጋጣሚ ጽንብላትን ኣብ ጎኒ ኢሳይያስ ማዕረ ማዕሩኡ ከቢሩ ኮፍ ክብል’ውን ኣይተራእየን።

ካብዞም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ወጻኢ ሓላፊ ክፍሊ ምርምርን ሰነድን ህግደፍ ዘምህረት ዮውሃንስ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ዓብደላ ጃብርን’ዮም። ዘምህረት ዮውሃንስ ኣብ 1987 ምስ ማእከላይ መሪሕነት ሳግም ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝተጸንበረ ካብቶም ኣእሙሮ ዘለዎም በላሕቲ ካድረታት ተ.ሓ.ኤ ሓደ ‘ዩ። ዘምህረት ብጀካ ሓላፊ ክፍሊ ምርምርን ሰነዳትን ህግደፍ ነቲ ብደረጃ ሃገር ክፍሊ ኣርካይቭን ሰነዳት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብመገዲ ኣዜብ ኣብ ገድሊ ሰበይቲ የማነ ማንኪ ነበር ዝምራሕ’ውን ላዕለዋይ ኣማሓዳሪኡን ኣካይዲኡን ‘ዩ። ዘምህረት ኩሉ ካብ ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ዝወጽእ ጽሑፋት ሴርኩላራት ብደቂቁ ዝከታተልን ዘጽድቕን ኣካል’ውን’ዩ። ንክፍሊ ሰንሱር ሚኒስተር ዜና ዘይምልከት ንታሪክ ፖለቲካዊ ኩነታት ዘተኮረን ዘነጻጸረን ጽሑፍ ደቂቕ መርምር ተፍትሽ ዝገብር በዓል ስልጣን’ዩ። ዘምህረት ዋላ’ኳ ካብቶም ቀንዲ መጋበርያ ግብረ እከይ ህግደፍ እንተኮነ ኣብ ሰባት ጽሉእ ኣይኮነን። እሩም ስነ ምግባር ዘለዎ ውርዙይ ምስ ሰባት ዝረዳዳእ ምቕሉል’ዩ። ብሰንኪ ልዙብ ኣተሓሕዝኡ ንከም በዓል ኣብርሃም ሃብተልኡል፡ዮውሃንስ ቀለታ፡ ወዲ ገዱ ወዘተ ዝኣመሰሉ መንእሰያት ካድራትን ጸሓፍትን ዝመልመለ’ውን’ዩ።

ዘምህረት ዝረኣይ ብዙሕ ሃብትን ዝሕመዩ ናይ ብልሽውና ጋዕ ገልጠምን የብሉን። ካብ 2008 ኣትሒዙ ብሕማም ሉኩመንያ ዝሳቐ ዘሎ በዓል ስልጣን‘ዩ። ነዚ ናይ ደም ካንሰር ብምፍዋስ ማለት ደም ንምቕያር ብከቢድ ወጻኢታት መንግስቲ ኣብ ዓዲ ጥልያን ንከባቢ ሓደ ዓመት ዝኸውን ተሓኪሙ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ቦታ ስርሑ ተመሊሱ ዘሎ እኳ ተኾነ እቲ ኣወሃሃዲ በዓላት ስርሑ ግና ብበዓል ሰመረ ርእሶምን ዓሊ ዓብዱን ክምንዛዕ ተጌሩ’ዩ።

ካሊእ ዓብደላ ጃብር ሓለፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ’ዩ። እዚ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ህግደፍ ካብቶም ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ዘይፍትዋት ብግስርጥና ስራሕቶም ዝምረሩ ሓላፊ ሓደ’ዩ። ዓብደላ ጃብር ቅድሚ ብሕርያ ኢሳይያስ ነዚ ገዚፍ  ስልጣን ምጭባጡ ኣብ ዘበነ ገድሊ ፐርሰነል ጸሓፊ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓ ዝነበረ ተጋዳላይ’ዩ።

ኣብ ተመዚዝሉ ዘሎ ገዚፍ ብቕዓት ዝሓትት ስራሕ ብልክዕ ተዋሳኣይ ኾይኑ’ውን ኣይስመዓካን’ዩ። ኣብ ቦታ ስልጣኑ ፍጹም ተኣማኒ’ውን ኣይመስልን’ዩ። ኣብ መዓልታዊ ስራሕቱ ወይ’ውን ንሱ ኣብ ከውጽኦም ዝግብኦ ዓበይቲ ጉዳያት ወትሩ ከም መተካእታ ኾይኖም ዝሰርሑ ሓጎስ ክሻን የማነ ማንኪን’ዮም።

ካብቶም መዓልታዊ ኣብ ተራ ባራት ኣትዮም ዝሰኽሩ ስራሕ ኣለዎ’ዶ የብሉን ዘይፍለጡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ሓደ’ዩ። ዓብደላ ጃብር ካብቶም ንሰባት ዘነኣእሱን ዘናሽውን ምስ ሰኸሩ ልዕልና ስልጣኖም ዘርእዩ ብዕሉጋትን ዘይውሩዛያትን ቃላት ዘዘውትሩ ሰብ’ዩ። እዚ ይኹን እምበር ካብቶም ንኣምልኾት ኢሳይያስ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእትው ብሳልኡ እናበሉ ዝሰብኩ ቀዳማይ መጋበርያ እቲ ስርዓት’ዩ። እዚ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ህግደፍ ዘተኣማምን ዝተወደበ ሰረት ሓይሊ ዘለዎ ጉጅለ’ውን የብሉን። ካብቶም ገንዘብ ኣጥርዮም ብምቑት ዝነብሩ ኣካላት’ውን ኣይኮነን።

***ሞት ክናን ንኢሳይያስን ዓንገልቱን!!***

## *ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ሕጂ የብቅዕ።*

## *ሰውርን ቁሉዕን ምትፍናን ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ*

## *ውጽኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ'ዩ።*

### *ዘይሑጉሳት ዝተቐየሙ ሰበስልጣን*

**ሻብዓይ ክፋል**

እዞም ወገናት እዚኣቶም ምስ ህግደፍ ብፍሉይ ከኣ ምስ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ከቢድ ልባዊ ቂምታ ዘለዎም ዘይዕጉባትን ዘይሕጉሳትን ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ነበር'ዮም። ሚኒስተራት፡ ኣማሓደርቲ ዞባታት፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሓለፍቲ ዓበይቲ ትካላት መንግስቲ ዝነበሩ ብዙሓት ማእከለዎትን ታሕተዎትን መኮንናት ዘጣመረ'ዩ።

 እዞም ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ገሊኦም ንባህ ኣይበሎ ኣብ ዘይኸውን ቦታ ዝተመደቡ ኣብ መጻንሒ ቦታ ተደራሪቦም ዝተጻፋጸፉ ዝደስከሉ ካብ ስራሕ ተረፊቶም ዝተባረሩ ዝሓቖፈ'ዩ።

እዞም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ነበር ውዕለቶም ዝተጠልሙ ሕሉፍ ታሪካዊ ጅግንነቶም በቲ ብቓዳ ዝመጸ ስርዓት ህግደፍ ደብዚዙ ዝጸልመተን'ዮም። ኩሎም ብዘይ ዝኾነ ምውልዋል ህ.ግ.ደ.ፍ መቐጸልታን ተካእን ህ.ግ 'ዩ ኢሎም ዘይኣምኑ ወገናት'ዮም። እዞም ኣካላት እዚኣቶም ወትሩ ካብ ምክትታል ዓይኒ ኣባላት ጸጥታን ሃገራዊ ድሕነትን ዘይእለዩ ቀዳሞት ተጠመትን ታርጌታትን'ዮም። ካብ ዝለፍዑሉን ዝደኸሙሉን ስራሕ ተኣጊዶም ተኸልኺሎም ደስኪሎም ተባሪሮም ከየብቅዕ ብዘለዎም ዕቑር ዓቕምን ደረጃ ፍልጠትን ኣብ ዝኾነ ዘይመንግስታዊ ትካላት ክሰርሑ'ውን ኣይፍቀደሎምን'ዩ። ኣብ ቦታ ስርሖምን መዝነቶምን ከለው ዝኸፈሎም ዝነበረ ደመወዝ ከይሰርሑ ብመገዲ ሚኒስትሪ ምክልኻል  ኣብ ፊቾ ጎንደራን ኣስመራ ብምኻድ ወርሓዊ ክፈሊት ዝወሃቦም'ዮም። እዞም ገዳይም ተጋደልቲ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ነበር ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ክርእዩ ብሙሉእ ልቦም ዝደልዩን ዝምነዩን'ዮም።

እዞም ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ነበር እዚኣቶም ነንዊሕ ዓመታት ነቲ ሓላኺ ዓዕዳድን ስነ-ሓሳብ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ከይተቐበሉ ብጉህያቶም ክጓዓዙ ዝጸንሑ'ዮም። ንሃገራዊ ነጻነት ነብሶም ብምምናን ብጻዕዳ ገዲፎም ብጸሊም ኢዶም ዝለፍዑ ሓርበኛታት'ውን'ዮም። ካብ ዘበነ ገድሊ ኣብ ቦታ መሪሕነት ዝነበሩ ብኣገባብ ኣመራርሕኦምን ውልቀ ቆራጽነቶምን ሓፈሻዊ ባህርያቶምን ዝምድና ምስ ታሕተዎት ኣካላት ዘይሕመዩን ዘይማረሩን ካብ ዓይኒ ኢሳይያስ ሓደገኛታት ተባሂሎም ዝተገለሉ'ዮም። ገሊኦም ኣብ ዘይፈልጥዎን ዘይመልከዎን ቦታ ስራሕ ኣብ ዘይለዓቶም ተሰኪዖም ኣብ ውርደትን ዘለፉን ዝርከቡ'ዮም። ሓደ ካብዞም ገዳይም ኣዛዚ ሰራዊት ነበር ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ኣውልያይ'ዩ።

ኣወልያይ ንፉዕ ተባዕ መራሒ ኩናት ብፍላይ ድማ ሜካናይዝድ ኣሃዱ ብሙሉእ ድምጺ ዝምስክረሉ'ዩ። ላዕለዋይ በዓል ስልጣን

ኮምሽን ስፖርት ክኸውን ግን እንዶ ናይቲ ስራሕ’ውን የብሉን። ብቐጻሊ ካብቶም ብኢሳይያስ ዝዝለፉን ዝጓራፈጡን ሰበ-ስልጣን’ውን ሓደ’ዩ። ብጀካ ሜጀር ጀነራል ኣውልያይ ስልጣንን መዝነትን ብርጋደር ጀነራል ተኸለሚካኤል ሃብቱ ሲንስ’ውን ዘስሕቅን ዘሕዝንን’ዩ።

ሲንስ ሓላፊ ሓበሬታን ጎስጓስን ሚኒስትሪ ምክልካል’ዩ ሒዝዎ ዘሎ ጸፍሕን መዝነትን ብሓደ መስመራዊ መኮነን እንተበዝሓ ድማ ብሓደ ሌ/ኮነሌል ዝእለይን ዝዕመምን ኣዝዩ ክብደት ዘይብሉ ፎኪስ ስራሕ’ዩ። ብጀካ እዞም ዝተጠቕሱ ህቡባት ኣዘዝቲ ሰራዊት ነበር ኣብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብዘይ ስራሕን ቁም-ነገርን ተደራሪቦም ዝተጸፉጸፉ ውሑዳት ኣይኮኑን።

ከም ብርጋደር ጀነራል ቋንቁ፡ ብርጋዴር ጀነራል ሓጎስ ተኸስተ፡ ብርጋዴር ጀነራል ወዲ ምነይ ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣብዚ መካዚኖ’ዚ ከም መጻንሒ ዝተደርበዮ’ዮም። እቲ ዝገርምን ዘደንጹን ሓላፊ እዞም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ነበር ብማዕርጉን ግድምንኡን ካብኦም ዝትሕት ኮለኔል ተስፋይ መኮነን ወዲ ሞኬ ምዃኑ’ዩ። እቲ ሽርሒ ርዱእን ግሉጽን’ዩ። ከቢድ ሞራላዊ ውድቀት ተሰኪሞም ኣብ ምልኪ ኢሳይያስ ክምብርከኹ’ዩ። ካብዚ ዝበለጸ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ ደኣ ታይ ኣሎ? እዚኦም ብዙሓት ካልኦት በሊሕ ኣእምሮ ዘለዎም ዕቑር ክእለት ዝደለቡ ዘይነዓቕ ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎም ሙኩራት ናይ ኮነሬልን ትሕትኡ ማዕርጋት ዝነበሮም ብበዝሒ ደስኪሎም ተባሪሮምን’ዮም።

ካብዚኦም ፍልይ ዝበሉ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ዝነበሩ’ውን ኣለው። ከም ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝነበረት ወርቁ፡ ኣማሓዳሪ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ነበር ኢብራሂም ኢድሪስ ቶቲል’ዮም።

ቶቲል ብፍሉይ ካብቶም ቀዳሞት ገዳይም ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ነበር’ዩ። ንታሪኽ ገድሊ ኤርትራ ብደቂቅ ይፈልጡ’ዮም ካብ ዝበሃሉ ተጋደልቲ‘ውን ሓደ’ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት 2008-2009 ነዊሕ ዓመታት ዝኣከቦ ሓቀኛ ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ ብመልክዕ መጽሓፍ ዝጸሓፈ’ውን’ዩ። እንተኾነ መጽሓፉ ቅድሚ ምሕታሙ ብመገዲ ዘምህረትን ሰለሙን በርሀን ከቢድ ምርመራን ሳንሱርን ተገይሩሉ ከብቅዕ ብኢሳይያስ እቲ መጽሓፍ ከይወጽእ ኣብ ርእሲ ምክልካሉ ንኸውረስ’ውን ተኣዚዙ’ዩ። ብመገዲ ጽሑፍ’ውን ከቢድ ተግሳጽን መጠንቀቕታን ተቀቢሉ’ዩ ከም ኣምባሳደር ባህር ባዱሪ፣ ኣምባሳደር ሳልሕ ናውድ፣ ናይ ገዛ ሕዩር ላዕለዋይ ፕረዝደንት ቤት ፍርዲ ጠዓመ’ውን ኣብ ዝበረኸ ቦታ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ነበር’ዮም።

እዞም ድሒርና ዝረኣናዮም ፋሕ ብትን ዝኣተዎም ዝመሰሉ ከቢድ ቂምታ ምስቲ ዘርኢ ክርዳድ ዝዘርኣሎም ኢሳይያስ ዘለዎም ብፍጹም ዘይዕጉባትን ዘይሕጉሳትን ኣካላት’ዮም። ብዘይ ዝኾነ ምጥርጣር ካብቶም ተፈራሕትን ተተፋነንትን ጉጅለታት’ውን ሓደ’ዮም።

***ሞት ክናን ንኢሳይያስን ዓንገልቱን!!***

***ኣለና ብውሽጢ***

## ***መ ደ ም ደ ም ታ***

እዚ ኣርእስቲ’ዚ ኣዝዩ ሰፊሕን ዓሚቅን’ዩ። ብከምዚ ኣገባብ ኣብ ሓደ ግዜ ዘርዚርካ ክትጽሕፎን ክትውድኦን’ውን ዝኸኣል

ኣይኮነን። ነቲ ካብ ውሽጢ ሃገር ቁሩብ ርሒቁ ዘሎ ደላይ ሰላምን ለውጥን ዝኾነ ኤርትራዊ ገለ ኣምር ምግባት ስልጣን ኣብ ትሕቲ ሒደት ሰባትን ዘይቅርዑይ ምሕደራ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣውሪድዎ ዘሎ ከቢድ ተጽዕኖን ገለ ስእልን መረዳእታ ክረክብ ግን ተስፋይ ልዑል'ዩ። ነቲ ተኸታታሊ ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስ ከኣ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ንምርኣይ ግደ ኣበርኪታ ክትኸውን ንትስፎ።

ከምቲ ብዝርዝር ዝረኣናዮ ኣብቲ ስውር ቁሉዕ ምትፍናን ከምዘሎ ርግጽ'ዩ። ሓደ ክበርህን ክፍለጥን ዘለዎ የማነ ጺጋም ዘየጋላብጥ ሓቂ ግን ኣሎ። ይዕበ ይንእስ ክንዲ እምባ ዝኸውን ግዝያዊ መዝንት ይሓዝ ኣብ ቅድሚ ኢሳይያስ ዘይርዕድን ዘይጃጁን በዓል ስልጣን ኣሎ እንተተባሂሉ ጥቃ ሓቂ ዘይቀርብ ውጽእ ሓሶት'ዩ። ማንም በዓል ስልጣን ብኢሳይያስ እንተተጸዊዑ ወይ ክታም ጽሑፍ ዝሰፈሮ ወረቀት እንተመጺእዎ ዝሓድሮ ተጽዕኖ ነቲ ስምዒት እቲ ክትገልጾ ዝኽኣል'ውን ኣይኮነን። ንነፍሲ ወከፎም መን ብመን እትሓዝ መጻወድያታቱ ኩሉ ግዜ ቁሩብን ኣብ ተጠንቀቕን'ዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ከምቲ ኣብ መእተዊ ጽሑፋት ዝገለጽኩዎ ነዊሕ ዓመታት ዝተነደቀን ምልኪ ሓደ ንኽነግስ ባይታ ዘርሓወን ኣብ ዘበነ ገድሊ ዝነበረ ላዕለዋይ መሪሕነት እቲ ግንባር'ዩ። ነቲ ንሕስያ በዓል ስልጣን የለን። ስለምንታይ ኢሉ ዝሓትትን ዝከራኸርን ዕጭኡ እንታይ ምዃኑ ኣደዕዲዑ እፈልጥ'ዩ።

ስርዓት ህግደፍ ነዝን ካልእን ገፊጠ መፈጥ ልዕሊ ዓቕሙ ተሰኪሙ ሚዛኑ ከይሓለወ ሰንከልከል እናበለ ብሃሳስ ለባም ዝጓዓዝ ዘሎ ግንባር'ዩ። ኢሳይያስን ስርዓቱን ከምዚ ዘለው ሰንከልከል እናበሉ ዝጸንሑ ሓቂ ዝመስሉ ዝተተምየኑ ሓሶታት ካብ ምዝርጋሕን ንምልኪ ዝፋን ዝሕልው ዘይተኣማመኑ ተተፋነነንትን ተሓላለውትን ኣካላት ካብ ምፍጣር ኣይከዓርፍን'ዮም። ስምረት ሓድነት ምትእምማን ኢሂን ምሂን ምባል ምልዛብ ብዓይኒ ኢሳይያስ ስዕረት'ዩ። ኢዱ ብሂወት ብዙሓት ንጹሃት ወገናት ደም ዝጠልቀየ ገበነኛ ስለዝኾነ ብዘለዎ ተጸኒሑ ዝኸፈኣን ዘስካሕክሕን ነገራት ካብ ምፍጻም ኣይከዓርፍን'ዩ። ምእሳርን ምሕያርን ንገዳይም ሓርበኛታትን ተጋደልቲ ንቡር ብዝኾነ ወጻኢ ኣብ ዒራዒሮ'ውን ሓደ መርኣያ ጭቡጥ ተግባራቱ'ዩ።

ኣብ ገለ'ውን እዞም ውዲታዊ ሽርሒ ኢሳይያስ ዝተፈጥሩ ተሓላለውትን ተተፋነትን ጉጅለታት ናብ ሓቀኛ ለውጢ ክሰግሙን ክሰጋገሩን ዝኽእሉ'ኳ እንተኾኑ ህግደፍ ምስ ዘሳውሮን ዘንበድብዶን ዘሎ ከቢድ ኣውራጃዊ ዝኮነ ምትፍናን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ማእዝኑ ስሒቱ ናብ ናይ ፍጹም ጥፍኣት ምንቅስቃስ ከይምዕብል ዘስግእን ዘሰክፍን ውጸኢት ትልሚ ዘርኢ ክርዳድ ኢሳይያስን ዓንገልቱን'ዩ።

***ሞት ክናን ንኢሳይያስን ዓንገልቱን!!***

***ኣለና ብውሽጢ***